መእተዊ

ነዛ ፈለሚት ጥራዝ መዝሙር ትግርኛ ኣዳሊውና ንክንቕርብ ዘብቀዐና ኣምላክ ቅዱሳን እግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ይብፀሓዮ።

ወዲ ሰብ ንፈጣሪኡ ንእግዚኣብሔር ካብ ዘቕርቦም ኣገልግሎታት ሓደ መዝሙር እዩ። ናይ መዝሙር ኣገልግሎት ብጥንተ ተፈጥሮ ዝተውሃበና ፀጋ እምበር ብስጋዊ ምርምር ጥራሕ ዝርከብ ኣይኮነን። ‹‹ናይ እግዚኣብሔር ስም ንኽመስግኡ ኣዳም ምስ ወላዱ ተፈጢሩ›› (3 ይ መቃ.2፡12)
እዚ ኣገልግሎት ዋላ እኳ ብዝርኣይ ናይ ኣካል ምንቅስቓስን ናይ መዝሙር መሳርሕን ዝፍፀም ይኹን እምበር ዋና መራሒት ግን ለባዊት(መስተውዓሊት)፣ ነባቢት(ተናጋሪት)፣ ሕያዊት (ዘይትመውት) ዝኾነት ነፍስና እያ።ስለ ዝኾነ ድማ ሰብ ናይ መዝሙር ኣገልግሎት ክፍፅም እንትሓስብ ከም ስጋዊ ስርዓት ቓላት ብምጥዕዓም ምዝማር ጥራሕ ከይኮነስ ብምስትውዓል(ብለባዊነት) ክዝምር ይግባእ። ‹‹ዘምሩ ልብወ--ብምስትውዓል ዘምሩ››(መዝ 46፡7)

ናይዚ ኣገልግሎት ተቐባሊ ናይ ወዲ ሰብ ምስጋና ምንም ዘይውስኽሉ ብባህሪኡ ምስጉን ዝኾነ እግዚኣብሔር ስለ ዝኾነ ፍፁም ፍርሓትን ጥንቃቐን ክህልወና ይግባእ።ካብዚ ወፃኢ እንተኾይኑ ግን ኣብ ቅድሚ ሰብን እግዚኣብሔርን ዋጋ ኣይንረኽበሉን።
ናይ ኣቦታትና ኣምላኽ እግዚኣብሔር ምስጋና ይብፅሓዮ በዚ መዳይ ቅድስት ቤተክርስቲያና ዝተዓደለት እያ። ምስጢረ ሃይማኖትን ቅዱሳት መፃሕፍትን ዝትርጉም፣ ካብ ሰማያውያን መልእኽቲ ዝወረደ፣ ዜማኡ ብስርዓት ዝተመጠነ፣ ቓላቱ ብዝግባእ ዝተዋደደ፣ ስነ ስርዓቱ ሕሊና ዝምስጥ መንፈሳዊ ዝማሬ ኣለዋ። ምእመናን እውን ብሕብረት ኮነ ብውልቀ ምስጋና እንተቕርቡ ነዚ ካብ ኣቦታቶም ዝወረስዎ ዜማን ስርዓትን ክኽተሉ ይግባእ። በዚ መሰረት ድማ ኣብ ላዕለዎት ትካልት ትምህርቲ ንዝርከቡ ኦርቶዶክሳውያን መናእሰይ ብትምህርተ ሃይማኖትን ክርስቲያንዊ ስነ ምግባርን ንክሃንፅ ሓደራ ዝተቐበለ ማሕበረ ቅዱሳን ካብ ዝህቦም ኣገልግሎታት ሓደ መዝሙር እዩ። ክሳብ ሕዚ ብዝተፈለለዩ ቋንቋታት ናይ መዝሙር ካሴታትን ቪሲዲታትን ኣሒቲሙ ንኣገልግሎት ኣቕሪቡ እዩ።

ቅድም ክብል ብቋንቋ ትግርኛ ሰለስተ ናይ መዝሙር ካሴታት ዝተሓተመ እንትኾነ ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ ቪሲዲን ቁፅሪ-4 ካሴትን ኣብ ምድላው ንርከብ።እዚ ሕዚ ኣቕሪብናልኩም ዘለና ጥራዝ ድማ እዘን ቅድም ክብላ ዝተሓተማ ናይ ትግርኛ መዝሙራትን ካልኦት ካብ ኣምሓርኛ ዝተተርጎሙን ዝሐዘ እዩ። እቶም ናይ ኣምሓርኛ መዝሙራት ብቑጥታ ዝተተርጎሙ እንትኾኑ በቲ ናይ ኣምሓርኛ ዜማ እዮም ዝዝመሩ። ናይ ማእከላትን ግቢ ጉባኤያትን መዝሙር ክፍሊ መተሓባበርቲ ነቲ ዜማ ኣፅኒዖም ንኽልኦት ንኽለማምዱ ምእንታን ክሕግዝ ናይ ኩሎም መዝሙራት ዜማ ብካሴት ተዳሊዉ ኣሎ። መብዛሕቲኦም መዝሙራት ካብ ኣምሓርኛ ዝተተርገሙ ብምኽኖም ሙሉእ ብሙሉእ ካብቲ ካሴት ተቐዲሑም እዮም። ብዝበለፀ ግን እቲ ዜማ ካብቶም ናይ ኣምሓርኛ ካሴታት እውን ምዕናዕ ይከኣል እዩ።

እዚ ሕዚ ተዳሊዉ ዘሎ ጥራዝ ኮነ ካሴት ንማእከላትን ግቢ ጉባኤያትን ኣገልግሎት እምበር ንመሸጣ ዝውዕል ኣይኮነን።

ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ ማሕበረ ቅዱሳን ኣባላትን ካልኦት ነዚ ኣገልግሎት ክትድግፉ እትደልዩ ወገናትን ዝረኽብክምዎም ነባር መዝሙራትን ካብ ማህሌት ዝርከቡ ወረባትን ብፅሑፍን ካሴትን እንተልኢክኹምልና፤ ናይ ግጥምን ዜማን ውህብቶ ዘለኩም ድማ መዝሙር እናዳለኹም እንተልኢክኹም ብፍጥነት እናዳለውና ክንቕርብ ከምእንኽእል እናገለፅና ነዚ ጥራዝ ኣብ ምድላው ንዝተሓባበሩና ኩሎም ልዑል እግዚኣብሔር ፀጋኡ ንክብዝሓሎም ንምነ።

ወይትባረክ ኣምላክ አበዊነ።

MAHIBERE KIDUSAN

2006 ዓ.ም

MAHIBERE KIDUSAN

MAHIBERE KIDUSAN

T¨<Ý

መዝሙር ዘዘወትር----------5

1. ኦ ጎይታና----------5
2. ንክንሳህ ----------5
3. ኣልቦ ዘከማየ----------5
4. ንእግዚአብሔር ተኣዘዙ----------5
5. ሓቀኛ ዝኾነት----------5
6. ተዛረቡ----------6
7. ኩሎ ዘፈቀደ----------6
8. ኖላዊ ትጉህ----------6
9. መድኃኒዓለም ኣድሒኑና----------6
10. ውዒልካለይ ኢኻ----------6
11. ንሴብሖ----------7
12. ሰላም ለዝክረ ስምኪ----------7
13. ነመስግኖ----------7
14. ናይ ሥላሴ መንበር----------8
15. ዝሓለፈ በደልና----------8

መዝሙር በእንተ ልደቱ ለእግዚእነ----------9

16. መድሓኒና ካብ ሰማይ ወረደ----------9
17. ናይ ዓለም መድሓኒት----------9
18. ከምዝሰማዕናዮ----------10
19. በገል ሰከበ----------10
20. እነሆ ተወለዱ----------10
21. ናይ ጥበብ ሃገር----------10
22. አንፈርአፁ ሰብኢ ሰገል----------11

መዝሙር በእንተ ጥምቀቱ ለእግዚእነ----------11

23. መፅአ ቃል----------11
24. እንዘ ህፃን----------11
25. በእደ ዮሐንስ----------11
26. ወረደ ወልድ----------12

መዝሙር በእንተ ስቅለቱ ለእግዚእነ----------12

27. ናትና ፍቕሪ----------12
28. ንዓይ ክትብል ዝሞትካ----------12
29. ኣምላከ ኣብርሃም----------13
30. መስክሪ ቐራንዮ----------13
31. ሓቂ እምበር----------14
32. እስመ ለዓለም ምሕረቱ----------14
33. ትሸዓተ ሰዓት እንትኾን----------14

MAHIBERE KIDUSAN

መዝሙር በእንተ ትንሳኤሁ ለእግዚእነ----------15
34. ኣምላኽ ተላዒሉ----------15
35. ኦ ጊዜ ትንሳኤ----------16
36. ትንሳኤከ----------16
37. አማን በአማን----------16
38. ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ----------16
39. ንዘምር ኩላትና----------16
40. ሰላም ሰላም----------17
41. ናይ ትንሳኤ ብርሃን----------17
መዝሙር በእንተ ዕርገቱ ለእግዚእነ----------18
42. ዓሪጉ ብምስጋና----------18
43. ምዮ ለሞት----------18
መዝሙረ ጸራቅሊጦስ----------18
44. አንትሙሰ ንበሩ----------18
45. መንፈሰ ቅዱስ ወረደ----------18
መዝሙር በእንተ ምጽአቱ----------18
46. ኣምላኽ መሓረና----------18
47. ኣምላኽ እንትግለፅ----------19
48. ፀኒዕና ንሓሉ----------19
49. ኣቤት ሸዑ----------20
መዝሙር ዘዘወትር ዘድንግል ማርያም----------20
50. ማርያም ድንግል----------20
51. ለምንልና ደኣ ምሕረት----------21
52. ንስኣ----------21
53. ምስጋና ንማርያም----------21
54. መራሒት መንግስተ ሰማያት----------22
55. ሰላም ንዓኺ----------22
56. ርህርህቲ ሕሊና----------22
57. ለምንልና ማርያም----------22
58. እንተ በምድር----------23
59. ኣብ ምድራዊ ህይወት----------23
60. ማርያም ፊደል ----------23
61. መሠረተ ሕይወት----------23
62. ኣደይ ማርያም----------23
63. ካብ ኣምላኽ ቀሚሉ----------24
64. ኢያቄምን ሃናን----------24
65. ንፅሕተ ንፁሓን----------24
66. የዓቢ ክብራ----------24
67. ብምንታይ----------24
68. ማርያም ናይ ልቢ ሐዘን----------24

MAHBERE KIDUSAN

69. ተፈታዊት----------24
70. ኣይና ፅዮን----------25
71. ንዒ ሀቤነ----------26
72. ድንግል መከራኺ----------26
73. አዘክሪ ማርያም----------27
74. ሰአሊለነ----------27
75. ናይ ፃድቃን እመቤት----------27
መዝሙር በእንተ ዕርገታ ለማርያም----------28
76. ዕርገታ ተሰምዓ----------28
77. ወላዲተ ቃል----------28
መዝሙር በእንተ መስቀሉ ለእግዚእነ----------29
78. መስቀል ብርሃን----------29
79. ብወንጌሉ ዝኣመንኩም----------29
80. ንፅልኢ ብመስቀሉ ቐተለ----------29
81. እሌኒ ንግስቲ----------29
82. ብርሃን ወፂኡ----------29
83. ወሪዱ ካብ መስቀሉ----------30
84. ዮሞሰ ለእሊኣየ----------30
መዝሙር በእንተ ቅዱሳን መላእክት----------30
85. ምስ ቅዱስ ሚካኤል----------30
86. ገብርኤል ሊቀ መላእክት----------30
87. ባሕራንኒ----------30
88. ንቁም በበህላዌነ----------30
መዝሙር በእንተ ቅዱሳን----------31
89. ያሬድ አቦ ዜማ----------31
90. ገብረመንፈስ ቅዱስ----------31
91. ኣረጋዊ ቅዱስ----------31
92. መሰረተ ዜማ----------32
93. ጊዮርጊስ ኃያል----------32
94. ገብረ መንፈስ ቅዱስ----------32
95. ዘንተ ሃለየ----------32
96. ኣባ ኣቡነ----------32
97. ጊዮርጊስ በታ ዕለት----------32
98. ፃድቃን ሰማዕታት ብሙሉኣም----------33
99. ኦ ፍጡነ ረድኤት----------33
100. ፅድቅኺ ተዛረብኩ----------34
101. ብያም ብፀሎት----------35
መዝሙር በእንተ ዓውደ ዓመት----------35
102. ዓውደ ዓመት ለባርኮ----------35
103. ይዕቆረና----------35
መዝሙር በእንተ ጾም----------35

MAHIBERE KIDUSAN

104. ንጹም ጾመ----------35
105. ፍቅርን ሰላምን----------35
106. ንፁም ንፀልይ----------36
መዝሙር በእንተ ንስሐ----------36
107. ራህረህለይ ጎይታ----------36
108. ልመናና ስማዕ----------37
109. ወዲቐ ከይቀረ----------37
110. ሃበና እግዚአብሔር----------37
111. ኣነ መን እየ----------38
112. ኣይገድፈንን ጎይታ----------38
113. ኦ ፈጣሪና----------39
114. ንድኹም ውላድኻ----------39
115. ኣብ መንግስትኻ ሕሰበኒ----------40
116. ንስሐ ንእተው----------40
117. ንዑ ንቐረብ----------40
118. ኣድሕነ----------41
119. ብበደለይ ብዝሐት----------41
120. ይሓልፍ ኣሎ ዘመነይ----------41
121. ኣዋጅ ነጋሪ ቃል----------42
122. ብከሀሊነቱ----------43
መዝሙር በእንተ ቤተ-ክርስትያን----------43
123. ደወልኪ----------43
124. ሰላም ንብላ ንቤተክርስቲያን----------43
125. በዓቲ ቅዱሳን----------44
126. እምርኑቅሰ----------44
127. ቤተ ክርስቲያን ሓንቲ----------44
128. ባርክ ለዝ ጉባኤ----------45
129. ነዚ ጉባኤ----------45
130. ኢኮነ ነግደ----------45

MAHIBERE KIDUSAN

<u>መዝሙር ዘዘወትር</u>

1. ኦ ጎይታና

ኦ ጎይታና መን ኣሎ ከማኻ/2/

ንዓና ክትብል ኣብ መስቀል ተሰቐልካ/4/

2. ንክንሳህ

ንክንሳህ መንፈስ ቅዱስ ኣይትፈለየና /2/

ኣይትፈለየና /2/ ሓይልኻ ሃበና /2/

3. ኣልቦ ዘከማየ

ኣልቦ <u>ዘከማየ</u>(ፎ) ኣበሳ ታጢኣት ገባሪ (ፎ)

<u>ወኣልቦ ዘከማከ</u>(ፎ)እግዚኣብሔር መሐሪ(ፎ)

መድኃኔዓለም ክርስቶስ ዓለማተ ኩሉ ፈጣሪ(ፎ)

በደመገቦከ<u>(ፎ)</u> ታጢኣትየ ኣስተሥሪ(ፎ)

ከምዝኾነማይ የለን ከምዝኾነማይ ኣበሳን ሓጢኣትን ገባሪ(ፎ)

<u>ከማኻ እውን የለን(ፎ)</u> እግዚኣብሔር መሐሪ(ፎ)

መድሃኒዓለም ክርስቶስ ናይዚ ዓለም ኩሉ ፈጣሪ(ፎ)

ብደም ናይ ጎንኻ<u>(ፎ)</u> ሓጢኣተይ ኩሉ ኣስተሰሪ(ፎ)

4. ንእግዚኣብሔር ተኣዘዙ

ንእግዚኣብሔር ተኣዘዙ ስሙ´ውን ፀውዑ

ንህዝብታት ምግባሩ ንገርዎም

ምስጋና ንስሙ ኣቕርቡ ።

ሰንበት ኣኽብሩ ፅድቂ´ውን ስርሑ

ሰማያዊ መኽዘን ንዓርስኹም ሰንቂ ኣዳልዉ

ነቐዝ ኣብ ዘየበላሽዎ ሌባ ኣብ ዘይረኽቦ

ድልዋት ኮይንኩም ንበሩ

ጉዳይ ላዕላይ ሰማይ ሕሰቡ

ክርስቶስ ኣብ ዝነብረሉ።

5. ሓቀኛ ዝኾነት

ሓቀኛ ዝኾነት ሃይማኖትና

ብደሙ መስሪቱ ኣምላኽ ዘፅነዐልና

ተዋህዶ ንፅህት እምነትና

ንኣዳም ንሄዋን ተስፋ ዝሃበላ

ኣምላኽ ካብ ማርያም ዝተወለደላ

ሓንቲ እያ ሃይማኖት ካልኣይቲ ዘይብላ

ንተዋህዶ ክብሉ ቅዱሳን ኣቦታት

ህይወቶም ሰዊኦም ኮይኖም ሰማእታት

ኣረኪቦምና ኣለዉ ቅድስቲ ሃይማኖት

ቅዱስ ጊዮርጊስ ሊቀ ሰማዕታት

ህይወቱ ሰዊኡ ፀኒዑ ብእምነት

ኣርኣያ ክኾነውን ንኹሎም ፍጥረታት

MAHIBERE KIDUSAN

ንሕና እውን ኩልና ከምቶም ኣቦታትና
ክንፀንዕ ይግባእ በዚኣ እምነትና
ምእንቲ ክንረክብ ክብሪ ካብ ኣምላኽና

6. ተዛረቡ

ተዛረቡ ድንቂ ስርሑ እውን መስክሩ/2/፣

ተኣምሩ ንዓለም ንገሩ /2/፣

ድንቂ ስርሑ መስክሩ፣

7. ኩሎ ዘፈቀደ

ኩሎ ዘፈቀደ ገብረ እግዚኣብሔር /2/፣

በሰማይኒ ወበምድርኒ ወበባሕርኒ ወበኩሉ <u>ቀላያት</u> /4/፣

ትርጉም፡ እግዚኣብሔር ኣብ ሰማይን ምድርን፣ ባሕርን ፈሰስትን ኩሉ ዝፈቀዶ/ዝሓሰቦ/ ገይሩ፣

8. ኖላዊ ትጉህ

ኖላዊ ትጉህ ዘኢትነውም/2/

<u>ማኅበረነ</u>/2/ ዕቀብ በሰላም/2/

ትጉህ ሓላዊና ዘይትታኽስ/2/

<u>ማሕበርና</u>/2/ ሓሉ ብሰላም/2/

9. መድኃኒዓለም ኣድሒኑና

መድኃኔዓለም ኣድሒኑና ብዘይዕፀፍ ቃሉ፣

አሀ <u>ደስ ይበለና</u>/2/ <u>ዕልል በሉ</u>/2/ ኣድሒኑና ብዘይዕፀፍ ቃሉ፣

10. ውዒልካለይ ኢኻ

ውዒልካለይ ኢኻ እሞ ብርሀራሂኻ ዕልል/2/ ኢለ የመስግነካ፣

ንዘለዓለም ኣማኑኤል ከግዘአልካ እየ መድኃኒዓለም፣

ቀትሪ ፀልሚትኒ ዙርያይ ገደል ከይኑ፣

ብብዙሕ ሽግር ገፀይ ተኸዲኑ፣

ሐጋዚ ዝሰኣንኩ ኣብ ዝመስለኒ ግዘ፣

ፈዊሚካ ኣርሒቕካለይ ናይ ልበይ ትካዘ፣

ኣምላኸይ ጉልበተይ ሓይለይ ትምክሕተይ፣

ፀላኢ መሕፈሪ ናይ እምነት ምርኩዘይ፣

ከመዘይትሓድገኒ ሐዚ ፈሊጠ፣

ካብ ዘለኒ ኹሉ ንዓኻ መሪፀ፣

ሕዲተይ ኣበርኪትካ እትምግብ ጎይታ፣

ዝምልሰልካ የለን ንናትካ ውዕለታ፣

ብቀትርን ብለይትን ኩሉ ጊዜ ዘብርህ፣

MAHBERE KIDUSAN

መንክር ዝባህሪኻ እዑብ እዩ ስራሕኻ፣

ኣምላኽ ንዓኻ ምስጋና ይብዓሕኻ

ነዛ ባዶ ንጀይ በረከት ዝሃብካ

ድኻ እየ ኣይብልን ንስኻ ሃፍተይ

ፍዑም ዘይጎድል ሙሉእ እዩ ገዛይ

11.ንሴብሖ

ንሴብሖ/2/ ለእግዚኣብሔር/2/

ስቡሓ ዘተሰብሓ/4/

ነመስግኖ/2/ ንእግዚኣብሔር/2/

ምስጉን እዩ ዝተመስገነ/4/፣

12.ሰላም ለዝክረ ስምኻ

ሰላም/3/ ለዝክረ ስምኻ/2/

ጥዑመ ዜና/4/ መድኃኔዓለም ጥዑመ ዜና/2/

ትርጉም፡ጥዑም ዜና ዝኾንካ መድኃኒዓለም፣

ንዝኽሪ ስምካ ሰላም፣

13.ነመስግኖ

ነመስግኖ ንኣምላኽና፣

ነምስግኖ ንፈጣሪና፣

ናብዚ ዘብፀሐና፣

ንፀልማት ገፊፉ ብርሃን ዝሃበና፣

ምስጋና ይብፀሐዮ ነቲ ሓያል ንይታና፣

ንዘበናት ብዘበናት ዝቐያይሮም፣

ስለ ኹሉ ኹሉ ይፈልጥ፣

ከይለመናዮ ዝደለናዮ ይህበና፣

ብፍቓዱ ይሰምዐና

ምስጋና ኣቕርቡሉ ብዘይ ዕረፍቲ፣

ብሓዱሽ ቅኔ ኣመስግኑ፣

ብሓዱሽ መዝሙር ዘምሩሉ፣

ከም ክቡር ዳዊት ፈታዊኡ፣

ዝናብ ዝሀብ ኣብ ግዚኡ ንፍጥረቱ፣

መጋቢ እዩ ንኹሉ በቢዕለቱ፣

ሕልፊት የብሉን መንግስቱ፣

ምስጋና ---------- ፣

MAHIBERE KIDUSAN

ሸሙ ዓብዩ ሓያል ንጉስ፣

ዝብልዎ ቅዱስ/3/ ብሰማያት መላእኽቲ፣

ምስጋና የቅርቡሉ ብዘይ ዕረፍቲ፣

ፍጥረትኻ ዘድሓንካ፣

ክብርን ምስጋናን ይብግሕኻ

ምስጋና ----------፣

14.ናይ ሥላሴ መንበር

ናይ ሥላሴ መንበር ቅዱሳን ኽቢቦም፣

ኪሩቤል ብደመና ዙፋኑ ሒዞም፣

ድንግል ኣብ ማዕኸል ሚካኤል መራሒ፣

ኣእላፍ መላእኽቲ እንትሰግዱ ብፍርሒ፣

ርኣዩ ኣስተውዕሉ ናይቲ ሰማይ ክብሪ/2/፣

ናይ ሥላሴ መንበር ቅዱሳን ኽቢቦም፣

እናመስገኑ ናይ ሰማይ መላእኽቲ ፣

ካህናተ ሰማይ ቅዱስ/3/እንትብሉ፣

ነዚ ፍሉይ ክብሪ ክርእዩ ዝተዓደሉ፣

ብፅድቂ ስርሐም ደሚቆም ይረኣዩ/2/

ናይ ቅዱስን ሕብረት ናይ ቅዱሳን ሃገር፣

እናመስገነ ይነብር ናይ ሥላሴ ኽብሪ፣

ፅድቅን ርህራሄን ዝተመልአ ሰማይ፣

አምላኽ የብቀዐና ትንሳኤ ንምርኣይ/3/፣

15.ዝሓለፈ በደልና

ዝሓለፈ ብዙሕ በደልና/2/ ኣይትሓዘልና/2/፣

ይቅርታኽ ደኣ ጎይታ ቅልጡፍ ይኹነልና፣

ይቅርታኽ ደኣ ጎይታ ይኹን ቅልጡፍ ይኹነልና፣

<u>መዝሙር በአንተ ልደቱ ለእግዚእነ</u>

16. መድሓኒና ካብ ሰማይ ወረደ

ኣዝ { መድሓኒና ካብ ሰማይ ወረደ(2)
ምእንታና ካብ ድንግል ተወልደ(2)

ኣብ ዝባነ ኪሩብ ዝኣበር ብኽብሪ

MAHIBERE KIDUSAN

ሰራዒ መጋቢ ናይ ኩሉ ፈጣሪ
ንደቂ ኣዳም ክምልስ ናብ ክብሪ
ካብ ሰማይ ወረደ ስሒብዎ ፍቅሪ

ሰማያዊ ኣምላኽ ዝፈጠረ ዓለም
ኣብ ደንበ ሓደረ ኣብ ቤተልሔም
ከርቤ ዕጣን ወርቂ ኣምፅኡ ነገሰታት
ህያቦም ኣቕረቡ ብኽብሪ ብስግደት
ማንም ኣብ ዘይቐርቦ ዝነብር ኣብ ብርሃን
ተወሲኑ ሓደረ ኣብ ናይ ድንግል ማህፀን
ዓሶት ቤተልሔም ሪኦምዎ ሰገዱ
መላእኽቲ ዘመሩ ኪሩቤል ወረዱ።
ሰማይን ምድርን ዝሓዘ ኣብ ኢዱ
ንኣዳም አቦና ኮይኑዎ ዘመዱ
ፍፁም ሰብ ኮይኑ ንዓና ንምድሓን
ነፃነት ኣዊጁ ኣጥፊኡልና ርግማን

17. ናይ ዓለም መድሓኒት

ናይ ዓለም መድሓኒት ዝተወለደልኪ፣
ኣንቲ ቤተልሔም ዝተቐደስኪ ኢኺ፣
ናይ ኣማልኽቲ ኣምላኽ ናይ ነገሥታት ንጉሥ፣
ሓያላት ብሙሉኡም ዝሰግዱሉ፣
ብጨርቂ ተጠቕሊሉ ኣብ ደምበ ደቂሱ፣
ሰብኣ ሰገል ብቅኑዕ ሓሳቦም፣
ናባኺ ተጉዓዙ ኮኽብ እናመርሐም/2/፣
ንቀባሊ ትውልዲ ኣብነት ንምኻን፣
ሰጊዶም ገበሩ ወርቂ ዕጣንን ከርቤን/2/
ምስትውዓል ዝዕድል ገይታ ንህፃናት፣
ኩልጊዜ ዝምሰገን ብመላእኽቲ ኣንደበት፣
ሐዲሩ ኣብ ደምበ ኣብ ማእኽል እንስሳት፣
ሥጋ ተዋሂዱ ረቂቕ መለኮት፣
ብሓደ ዘመሩ መላእኽቲ ምስ ሰባት/2/

18. ከምዝሰማዕናዮ

ከምዝሰማዕናዮ ብነብያት ትንቢት ጋህዲ ኮይኑ ርኢናዮ(ፂ)
<u>ሰበ ዝኾነ ኣምላኽ ኣብ ደንበ ደቂሱ</u>(ፂ) ኣብ ቤተልሄም ረኺብናዮ(ፂ)
ንዑ ርኣዩ ዘገርም ነገር
ምስጋና ነቕርብ ስለ ዝተገለፀልና ምሥጢር (ፂ)
ሰብ ዘይኾነውን ኣምላኽ ሰብ ኮይኑ
መለኮት ብመጠን ወዲ ሰብ ርኢናዮ ተወሲኑ(ፂ)
ንመዋዕል ግዝኣቱ ፍፃመ ዘይብሉ
ሥጋ ኣዳም ተዋሂዱ ዘበን ተቐሚሩሉ(ፂ)
ዘይረአይ ተራእዩ ዘይፍለጥ ተገሊፁ

MAHIBERE KIDUSAN

ወልደ እግዚአብሔር ሕያው ብሐቂ ሰብ ኮይኑ(፪)
ካብቲ ዓብዩ ጥበብ ዓለም ዝፈጠረሉ(፪)
ኣዝዩ ይበልፅ ንዓና ዘድሐነሉ(፪)

19.በጎል ሰከበ

በጎል ሰከበ በአፅርቅት ተጠብለለ/2/
ቤዛ ኩሉ ዓለም/2/ ዮም ተወልደ/4/
ኣብ ደምበ ደቀሰ ብጨርቂ እውን ተጠቕለለ/2/፣
መድሕን ኹሉ ዓለም/2/ ሎሚ ተወለደ/4/፣

20.እነሆ ተወለዱ

እነሆ ተወሊዱ ናይ ዓለም መድሐኒት/3/፣
እሰይ ተወሊዱ ናይ ዓለም መድሐኒት/3/፣
ትንቢት ተዛረቡ ነቢያት ብሙሉኦም/3/
ሰማያዊ ኣምላኽ ክወርድ እዩ ኢሎም/3/
ሰብኡ ሰገል መፀ ክሰግዱሉ ኹሎም/3/
ንጉሰ እስራኤል ተወሊዱ ኢሎም/3/
ሰብኣ ሰገል መፀ ውህብቶኦም ሒዞም/3/
ወርቂ ዕጣን ከርቤ ገበሩ ሰጊዶም/3/
ንዑናይ ህፃናት ናብ ቤተልሔም/3/
ኣብ ሰማይን ምድርን ኮይኑ ኣሎ ሰላም/3/

21.ናይ ጥበብ ሃገር

ናይ ጥበብ ሀገራ ኣበይ እዩ፣
መሕደሪኣ ኸ ኣበይ እዩ፣
ቦታ ጎዳናኣ ኣበይ ተርኣየ፣
ዝናኣን ወረኣን ኣበይ ተገነየ፣
መን እዩ ዝገዝኣ ብኽቡር ወርቂ፣
ባሕሪ ተሳጊሩ ዘውፅኣላ ዑንቂ፣
መን እዩ ዘውረዳ ኣብ ደመና ላዕላይ፣
ድምፃ እውን ዝሰመዐ ኣብ ሰማየ ሰማይ፣
ንዓኣ ዝፀልኡ እዮም እሞ ከንቱ፣
ኣይተርፈሎምን ደሓር ናይ ሞት ሞቱ፣
ኩሉ ዝፈልጥ ንሱ ኩሉ ይፈልጠላ፣
ቦታ ጎደናኣ የመላኽዐላ፣
ብክርስቶስ ፍቓድ ኣብ ምድሪ ተርኣየት፣
ሸውዓተ ዓምዲ ኣቁማ ገዝኣ እውን ሰርሐት፣

MAHBERE KIDUSAN

ጥበብ ግን ንሱ እዩ ክርስቶስ መድሓኒትና፣

ብስጋ ዝተገለፀ መድሕን ዝኾነና፣

ብደሙ ፈዊሱ ዝተዓረቐና፣

ንክብሪ ዝመረፀና ይብፀሓዮ ምስጋና፣

22.አንፈርአው ሰብአ ሰገል

አንፈርአው ሰብአ ሰገል/2/

አምኃሆሙ አምፅኡ መድምመ/2/

ትርጉም፡ሰብኣ ሰገል ደስ በሎም፣ ዘደንቅ መባእ ድማ ኣቕረቡ፣

መዝሙር በእንተ ጥምቀቱ ለእግዚእነ

23.መፅአ ቃል

መፅአ ቃል እም ደመና ዘይብል/2/

ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፈቅር/4/

መፀ ቃል ካብ ደበና ከምዚ ዝብል/2/፣

ዝፈትዎን ዘፍቅሮን ወደይ እዚ እዩ/4/፣

24.እንዘ ህፃን

እንዘ ህፃን ልጎቀ በዮርዳኖስ ተጠምቀ/2/

አሀ በዮርዳኖስ ዮርዳኖስ/2/ ተጠምቀ በዮሐንስ/2/ አሀ

ትርጉም፡ ከም ህፃን ዓበየ፤ብኢድ ዮሐንስ ኣብ ዮርዳኖስ ተጠመቐ።

25.በእደ ዮሐንስ

በእደ ዮሐንስ ተጠምቀ ኢየሱስ ናዝራዊ/2/

ሰማያዊ/5/ ኢየሱስ ናዝራዊ/2/

ትርጉም፡ ሰማያዊ ኣምላኽ ኢየሱስ ናዝራዊ ብኢድ ዮሐንስ ተጠሚቑ

26.ወረደ ወልድ

ወረደ ወልድ/6/

እም ሰማያት ውስቱ ምጥማቃት/2/

ወሪዱ ወልድ /6/፣

ካብ ሰማያት ናብ ባሕሪ ጥምቀት/2/፣

መዝሙር በእንተ ስቅለቱ ለእግዚእነ

27.ናትና ፍቕሪ

ካብ ሰማይ ሰማያት ናብ ምድሪ ወሪዱ
ንደቂ ሰባት ኢሉ ተዋሪዱ
ሓጢኣት ዘይባህሪኡ ብኣምላኽነቱ
ንምንታይ ተሰቒሉ ኣብ ማእኸል ሸፋቱ
ናትና ፍቕሪ ስሒብዎ

MAHIBERE KIDUSAN

ተሰቒሉ ኣብ ቀራንዮ ጎቦ
ኣዲኡ እንታይ በለት ሓቂፋ ዘዕበየት
ፈቐዶ በረኻ ምስኡ ዝተሰደት
እንታይ እዩ ገይሩ እንታይ እዩ በዲሉ
መላእኪ ኣካላቱ ብጎመድ ቐሲሉ
ቀላያት ኩሎም ዝግዝኡሉ
ንደቂ ሰባት ማይ ፀሚኡኒ ኢሉ
ደምን ረሃፅን ብገፁ እናወረደ
ክትበኪ ረኣያ እታ ርህርህቲ ኣደ
መከራ ከይፈርሐ ዝተኸተለ
ዮሃንስ በኽየ ወይለየ እናበለ
ክሳብ መወዳእታ ብትብዓት ዝሰዓቦ
እኔሃ ኣዴኻ ኢሉ ንዮሃንስ ሃቦ

28.ንዓይ ክትብል ዝሞትካ

ከይሃለወካ ጥፍኣት ንዓይ ክትብል ዝሞትካ፣
ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ብዙሕ ተወቒስካ፣
ኢየሱስ ኣምላከ ምሕረት ስብሐት ለከ፣
ምንግልታዕኻ ኩሉ ጊዜ ይኽብድ እዩ ክዝረብ፣
ኣብ መስቀል ኮይንኻ ዝበፀሓካ በደል
ኢየሱስ ህብስተ ሕይወት ስብሐት ለከ፣
ፈጣሪ ፍጥረት ኣምላኽ ካብ ሰማይ ሰማያት ወሪድካ፣
ብሰብ ተዋሪድኻ ስለ ሰብ ዝሞትካ፣
ኣብ መስቀል ፀማእኹ እናበልኻ ስብሐት ለከ፣
መሓሪ ጎይታ ሐዚ እውን ብበዝሒ ርህራህኻ፣
ናትና በደል ጥፋኣት ኩሉ ከይቐፀርኻ፣
ኣድሕነና ካብ ዳግማይ ሞት ስብሐት ለከ፣

29.ኣምላከ ኣብርሃም

ናይ ኣብርሃም ኣምላኽ ናይ ይስሐቅ ቤዛ /2/፣
ወገናቱ ኩሎም ብደሙ ገዝአ/2/፣
ናይ ሐሰት ምስክር ኣቅሪቦም ከሰሱ/2/፣
ብሞት ንክቕፃዕ ኩሎም ፈረዱሉ/2/፣
ጲላጦስ ኣግረፎ ብሸንሸል ኣሲሩ/2/፣
ምስ ሮማዊ ንጉስ ክነብር ሐቢሩ/2/፣
ድንግል ኣይክኣለትን ንብዓታ ክተቋርፅ/2/፣
እናረኣየት ወዳ መከራ እንትቕበል/2/፣
ኣብ ናይ ብርሃን ዙፋን ዝቐሙ ኣእጋሩ/2/፣

MAHBERE KIDUSAN

ኣብ መስቀል ኮይኖም ምንም ከይደኸሙ/2/፣

ኣክሊል ብርሃን ንሰማዕት ዝሃበ/2/፣

ዕሾኽ ኣክሊል ደፊኡ ቐራንዮ ወዓለ/2/፣

30. መስክረ ቐራንዮ

መስክረ ቐራንዮ ንገረ ጎልጎታ፣

ካሕሳ ከም ዝኾነ ንድሕነትና ጎይታ፣

ብኣምላኽነቱ ፈጢሩ ዓለማት፣

ሥጋ ምውሃዱ ንምድሐን ንሰባት፣

ንኽብሩ ኣትሒቱ ብብዙሕ ትሕትና፣

ሞት ንኽጥፍኣልና ዝበፅሐ ፈተና፣

ንፍርዲ እንትውሰድ መከራ ክቕበል፣

ጎቦ እንትወፅእ ተሸኪሙ መስቀል፣

እንተንገላትዎ ኣይሁድ በብተራ፣

ከም ዝተዓገሰ እዚ ኹሉ መከራ፣

ምንም ከየጥፍኣ በደል ከይሃለዎ፣

ብመስቀል ክመውት ከም ዝፈረድዎ፣

ንድሕሪት ተኣሲሩ ብዙሕ ተወቒዑ፣

ዝረኣዮ መከራ ዕሾኽ ኣክሊል ደፊኡ፣

ብሞቱ ንሙታን ካብ መቓብር ፀዊዑ፣

ብውርደቱ ንዓና ናብ ክብሪ ኣብቂዑ፣

ብሕይወት ክንነብር ዳግም ከይንመውት፣

ትንሳኤ ምብሳሩ ብኽብርቲ ሰንበት፣

31. ሐቂ እምበር

ሐቂ እምበር ሓሶት ዘይብሉ
ድሕነት ደቂ ሰባት ዝተፈፀመሉ
ንኹሉ ዝተውሃበ ንማንም ከይፈለየ
ፍቕሪ ክርስቶስ እዩ <u>ኣብ መስቀል ዝተርኣየ</u>/2/
ቁስልና ቆሲሉ ሕማምና ሓሚሙ
ስግኡን ደሙን ኣቕሪቡ ንኹሉ ዓዲሙ
ናትና በደል ኩሉ ንሱ ተሸኪሙ
ጎኑ ተወጊኡ <u>ኣፍሲሱልና ደሙ</u>/2/
ንርእሱ ከይሰሰዐ ህይወቱ ሂቡና
ወንጌል ኮይኑ ባዕሉ ፍቕሪ ዘንበበልና
ምሕረትን ይቅርታን ፍፁም መጊቡና
ኣርእዩና ትዕግስቱ <u>መሓሪ ኣምላኽና</u>/2/
ከምዚ እዩ ፍቕሪ አድልዎ ዘይብሉ
ብዘይ ምንም ዋጋ ዝወሃብ ንኹሉ
ብኣንደበት ዘይኮነ ዝተገልፀ ብተግባር

MAHIBERE KIDUSAN

ካብ ሕሊና ዘይጠፍእ <u>ንዘለኣለም ዝነብር</u>/2/

32.እስመ ለዓለም ምሕረቱ

እስመ ለዓለም ምሕረቱ/4/፣

ኣይወደእን ናይ ኣምላኽ ምሕረቱ/2/

ንጎይታ ኣመስግኑ ኩላትኩም ብሕብረት/2/፣

መሐሪ እዩ እሞ ንወዲ ሰብ ህይወት/2/፣

ዘይመውት ጎይታ ሞይቱ ዝተቐብረ/2/፣

ሰባት ካብ ገሃነም ንምድሓን ነበረ/2/፣

ዝተወሃዶ ሥጋ ካብ ድንግል ማርያም/2/፣

ኣገዩ የሕዝን ቀራንዮ እንትውዕል/2/፣

ብዝፈጠሮ ፍጥረት ብዙሕ ተሳቐዩ/2/

ንነፍሳት አውፀአ ካብ ሲኦል ፈልዩ/2/

33.ትሸዓተ ሰዓት እንትኾነ

ትሸዓተ ሰዓት እንትኾነ፣

ኣብ መስቀል ኮይንካ ንዓና

ድምፅኻ ኣስሚዕኻ ኣቦና፣

ነብስኻ እውን ሃብካ ምእንታና፣

ከዋኽብቲ ሰማይ ብሙሉኦም ረገፉ፣

ወርሒ ደም መሰለት ፀሐይ እውን ፀልመተት፣

ብርሃናት ፀልመቱ ብርሃኖም ከልኡ፣

ሥጋኻ ዓረቐ ስለዝረኣዩ፣

ጎይታና ክርስቶስ ኣብ መስቀል እንተሎ፣

ዓው ኢሉ ፀወዐ ፀማእኹ እናበለ፣

መዓርን ፀባን ንዝምግቦም፣

ሐሞት ኣምፅኡሉ ይጥዓሞ ኢሎም፣

ግኡ እንትውጋእ ማይ ምስ ደም ፈሰሰ፣

ኣብ ምድሪ ተነዚሑ ንዓለም ቀደሰ፣

ኣንስቲ እስራኤል ዋይ ዋይ እንትብላልካ፣

ንዐአን ሐዘንካ ዓርስኻ ገዲፍካ፣

ኣብ እግሪ መስቀል እንትትበኪ ኣይኾነ ፣

ዮሐንስ ሃብካያ ወድኺ እዩ ኢልካ፣

መላእኽቲ ቐረቡ ሰይጣናት ረሓቑ፣

ናይ ኣይሁድ ሰራዊት ፈረሐም ወደቑ፣

MAHIBERE KIDUSAN

መዝሙር በእንተ ትንሳኤሁ ለእግዚእነ

34.ኣምላኽ ተላዒሉ

ሓጢኣትና ደምሲሱ ዕዳና ከፊሉ
ንፍቕሪ ሰብ ኢሉ ኣብ መስቀል ውዒሉ
ንሞት ኣሸነፉ ኣምላኽ ተላዒሉ
እሰይ ደስ ኢሉና ሰባት ዕልል በሉ

ብዘይ ምንም በደል ብዘይ ምንም ሓጢኣት
ንፍርዲ ቀሪቡ ኣብ ጲላጦስ ቅድሚት
ዝገርም ፍቅሪ እዩ ዝደንቕ ምሕረት
ንዝሰቐልዎ ኮይንዎም መድሓኒት

ተናገሪ ፍቕሩ መግደላዊት ማርያም
ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ መድኃኒዓለም
ብዝሓት ናይ ወታደር ፍዑም ከይፈራሕኺ
ብንጉሆ ገስጊስኪ ኣምላኽ ዝኣለሸኪ

ኣብ ዝተዓፀወ ገዛ መእተዊ ኣብ ዘይብሉ
ደቀ መዛሙርቱ ኣብ ተሰብሰብሉ
ብተዋህዶ ምስጢር ኣብ ማእኸሎም ኮይኑ
ሰላሙ ኣዊጁ ኣርእይዎም ጎኑ

ብናይ ደሙ ማሕተም ስጋና ቀዲሱ
ተላዒሉ ጎይታ ንዕልኢ ደምሲሱ
ከፊቱልና በሪ ናይ መንግስተ ሰማይ
ተቐመጠ ኣብ ክብሩ ኣብ መንበሩ ኣብ ላዕላይ

35. ኦ ጊዜ ትንሳኤ

ኦ ጊዜ ትንሳኤ ኦ ተሐጉስ ዕለት
ምሕረት ዝወረደላ ንደቂ ሰባት
ነፃ ወጢእና ካብ ሰይጣን መግዛእቲ
ካብ ኩለን ዕለታት ሰንበት እያ ኽብርቲ(2)

ሎሚ ሓጎስ ኾይኑ ብሰንበተ ክርስቲያን
ስለዝተልዓለ ክርስቶስ ካብሙታን
ኣዳም ኣይተረፈን ወጢኡ ካብ ገሃት
መሊስዎ ጎይታ ኣብዚሑሉ ምሕረት(2)

ንደቂ ሰባት ብርሃን ወጢኡልና
ብክርስቶስ ትንሳኤ ሓጎስ በዚሑልና
ሞትና ተቐቢሉ ህይወቱ ሂቡና
መርገምና ኣርሒቑ ሓዲሱ ህይወትና (2)

ክርስቶስ ተላዒሉ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ
ብሰንበተ ክርስትያን ካብ ኩለን ሕርይቲ
ሞት ሓይልኽ ኣበይ ኣሎ ተሳዒርካ ሎሚ
ስልጣንካ ጠፊኡ ብጎይታና ሓይሊ(2)

36.ትንሳኤከ

ትንሳኤከ ለእለ አመነ/2/

ብርሃንከ ፈኑ ዲቤነ/4/

ትንሳኤኽ ንንኣምን ንሕና/2/፣

ብርሃንካ ለኣኽ ናባና/4/፣

37.አማን በአማን

MAHBERE KIDUSAN

አማን በአማን/4/

ተንሥአ እምነ ሙታን/2/

ሐቂ እዩ ሓቂ/4/፣

ተሲኡ ካብ ምውታን/2/፣

38.ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ

ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ/2/

ተሓጊባ በደመ ክርስቶስ/2/

ምድሪ እውን ሓጎስ ትገብር/2/

ተሓጊባ ብናይ ክርስቶስ ደም/2/፣

39.ንዘምር ኩላትና

ንዘምር ኩላትና ንርህሩህ ፈጣሪ/2/፣

ብትንሳኤኡ ንሞት መሕፈሪ/3/

እሰይ ረኺብናዮ ንመድሐኒትና/2/

ደስ ይበለና

ትጉህ ዘይድቅስ ጊዜኡ ኣኽቢሩ/2/

ነፍሳት ኣውሚኡ ንሲኦል በርቢሩ/3/

ዓሪጉ ብኽብሪ ዓሪጉ ብዕልልታ/2/

ንሞት ሰዒሩ ናይ ሰራዊት ጎይታ/3/

ኣታ ሞት ኣበይ ኣሎ እቲ ልዕልናኻ/2/

ሓይልኻ ደኺሙ ፍፁም ተሳዒርካ/3/

40.ሰላም ሰላም

ሰላም ሰላም/2/

እምይእዚሰ ይኹን ሰላም/2/

ሰላም ሰላም/2/፣

ድሕሪ ሐዚ ይኹን ሰላም/2/ እህ፣

41.ናይ ትንሳኤ ብርሃን

ናይ ትንሳኤ ብርሃን ናይ ደቂ ሰብ ሕይወት/2/፣

ንአዳም መለሰ ናብ ምድረ ገነት/2/፣

እሰይ የብስራት ደስ ይበልኩም

ንሞት ስዒሩ ተሲእልካትኩም/2/፣

እቲ ብሙሴ ኦሪት ዝተነገረሉ/2/፣

ሎሚ ሞት ስዒሩ ዝተሰአ እዩ/2/፣

ማርያም መግደላዊት ከመይ ተዓደልኪ/2/፣

ቅድሚ ኩሎም ሰባት ትንሳኤ ረኣኺ/2/፣

MAHIBERE KIDUSAN

ብርሃን የርእዮ ናይ ዕድቂ እውን ፋና/2/፣

ንዝግዘአሉ ብሓቂ ጎደና/2/፣

ስምካ መስከርኩ ኩሉ ተቐበለ/2/፣

ብዘይካ ይሁዳ እቲ ዝጠፍአ/2/፣

ኣምላኽ ንኹሎም ባሪኽካ ቀድሶም/2/፣

ብዘይ ‘ቲ ዝጠፍአ ኩሎም ናትካ እዮም/2/፣

ሓደ ይኹኑ ንሳቶም ብሰላም ብፍቕሪ/2/፣

ሓደ ከምዝኾንኩ ምስ ኣቦይ ብባህሪ /2/፣

መዝሙር በእንተ ዕርገቱ ለእግዚእነ

42.ዓሪጉ ብምስጋና

ዓሪጉ ብምስጋና ዓሪጉ ብዕልልታ፣

ብምስጋና ብዕልልታ ዓሪጉ/2/ ብዕልልታ/2/፣

ንሞት አሸነፉ ናይ ሰራዊት ጎይታ ዓሪጉ/2/ ብዕልልታ፣

43.ሞዖ ለሞት

ሞዖ ለሞት እግዚኡ ለአዳም

ተንሥአ ወልድ በሣልስት ዕለት

ፈዊሞ ሥርዓተ አርቲዖ ሃይማኖተ

ዐርገ ጎበ አቡሁ

ትርጉም፡ጎይትኡ ንኣዳም ንሞት ስዒሩ ብሰልሳይ መዓልቲ ወልድ ተሲኡ

ስርዓት ፈዊሙ ሃይማኖት ኣዕኒው ናብ ኣቡኡ ዓሪጉ፣

መዝሙረ ጰራቅሊጦስ

44.አንትሙሰ ንበሩ

አንትሙሰ ንበሩ ሃገረ ኢየሩሳሌም/2/

እስከትለብሱ ኃይለ እም አርያም/4/

ንስኻትኩም ንበሩ ሃገረ ኢየሩሳሌም/2/፣

ክሳብ እትረኽቡ ሓይሊ ካብ ኣርያም/4/፣

45.መንፈስ ቅዱስ ወረደ

መንፈስ ቅዱስ ወረደ ላዕለ ሐዋርያት/2/

ተመሲሉ/5/ በነደ እሳት/2/

መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ናብ ሐዋርያት፣

ተመሲሉ/5/ ብነበልባል ሓዊ፣

46.ኣምላኽ መሓረና

MAHIBERE KIDUSAN

ሓቀኛ ንጉሥ ንፍርዲ እንትመፅእ፣

ንዓድቅ ከኽብር ንሓጥእ ክቐፅፅ፣

መለኽት እንትንፋሕ ነጎድጓድ እንትሰማዕ፣

ክርስቶስ እንትግለፅ ብዘደንቕ ግርማ፣

ኣምላኽ መሓረና፣

መሓረና ይቕረ በለና፣

ዝነበረ ኹሉ እንትኾን ዘይነበረ፣

ተሲኡም እንትቆሙ ሙታን ካብ መቓብር፣

ፀሓይ እንፀልም ሰማያት እንትሓልፋ፣

ምድሪ ጭንቂ እንትኾን ቀላያት እንትጠፍኡ፣

ፍጥረት እንትርዕድ ግርምኡ ፈሪሑ፣

ዘርኢ ኣዳም ኩሉ እንትቆም ምስ ስርሑ፣

መን እዩ ዝርከብ ሰናይ ምግባር ሒዙ፣

ቅዱሳን መሲሉ ሃይማኖት ኣፅኒው፣

ኣብ ምድራዊ ህይወት ትሩፋት ዝሰርሑ፣

ዓድቃን ተሓጕሶም እንትዝምርሉ፣

ሓጥኣን እንትስእኡ ዝ-ስወሩሉ፣

ኣበይ ይኾን ንሕና እንርከበሉ፣

መዝሙር በእንተ ምጽኣቱ

47. ኣምላኽ እንትግለፅ

ኣምላኽ እንትግለፅ ብዘፍርሕ ግርምኡ
ቅዱሳን መላእክት መለከት እንተሰምዑ
ናይ ደብረ ዘይት ቃሉ እንትፍፀም ኣኺሉ ጊዚኡ
ተስፋ ንግበር ኩልና ናይ ኣምላኽ ምምፅኡ/2/

ወርሒ እንትትፅልምት ከዋኽብቲ እንትረግፉ
ፀሓይ እንትትጠፍእ ሰማይን ምድርን እንትሓልፉ
ፍርድና ክንቅብል ደቂ ኣዳም ኩልና ንሰራዕ
ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይረአ ተግባርና ይቕላዕ/2/

ዓድቃን እንትወርሱ መንግስተ ሰማያት
ሓጢኣን ይኽዱ ናብ ገሃነመ እሳት
ከምዚ ኣይመስለናን ነይሩ ይብሉ ብብኽያት ብኣውያት
ፍርዶም ይቕበሉ ካብ ኣምላኽ ዘይውዳእ መዓት/2/

ናይ መድሓኒዓለም ዘይልወጥ ቃሉ
ኣይተርፍን ክመፅእ እዩ ቅዱሳን ኣኽቲሉ
ሓጢኣን እንትበኽዩ ዓድቃን ይዝምሩ
ንሕናኽ ኣበይ ይኸውን እንርከበሉ/2/

MAHBERE KIDUSAN

48.ፀኒዕና ንሓሉ

ምስ ኩሎም መላኽቲ እንትግለፅ ብሰማይ፣

ፀኒዕና ንሓሉ ክብሩ ንምርእይ፣

ብግርማ እንትመፅእ ብዘደንግፅ ኩነት፣

ወይለኺ ነብሰየ ወይለኺ ኣብታ ዕለት፣

እሀ ንጉሆን ምሽትን ይብሳሕኻ ምስጋና፣

ሃሌ ሉያ ናይ ሰራዊት ጎይታ/2/፣

ብቓሉ እንትሓልፉ ሰማይን ምድርን ፣

ብጭንቂ የእዊ ንኡሽተይን ዓብዩን፣

ደስታ ፀኒሕዎም እንትሕጎሱ ዓድቃን፣

ዕዛ ሓጥኣን ኮይኑ ብኽያትን ዋይታን፣

ስለ ዘይፍለጥ ኣመግፅኣኻ፣

ኣፅንዐና ብእምነት ተጊህና ክንፀንሕ፣

ፀላኢ ከይገዝአና ብኡኡ ከይንሸነፍ፣

ኣድሕነና ጎይታ ኩነና ድጋፍ፣

49.ኣቤት ሽዑ

ኣቤት ሽዑ እዋን ክርስቶስ እንትመፅእ/2/፣

ዓብዩ ምስ ንእሽተይ/3/ መዕቆቢ እንትስእን፣

ካብ ምብራቕ ካብ ምዕራብ ካብ ሰሜን ካብ ደቡብ/2/፣

ንፋሳት እንትነፍሱ/3/ መዓት ንምውራድ፣

ሰማይን ምድርን ብሓደ እንትወሃድ/2/፣

ናበይ ኾን ይኸይድ/3/ ናበይ ኾን ይኣቱ፣

ዓድቃን ብየማን ሓጥኣን ብፀጋም/2/፣

ጥሩምባ እንትፋሕ/3/ እንዚራ እንትውቃዕ፣

ምድሪ ጭንቂ እንትትኮን ዓዕሚ እንትእከብ/2/፣

ፍርሓት ይወርሮ ሰብ /3/ ንፍርዲ እንትቐርብ፣

ኣውያት እንትብርትዕ ዘይጠቅም ብኽያት/2/፣

ካብ ኪኽ ፀሊሙ/3/ ተኸዲኑ ዕልመት፣

ገነት እንትኣትው ዓድቃን ብስርሐም/2/፣

ሓጥኣን ናብ ሲኦል/3/ ተፈሪድዎም፣

<u>መዝሙር ዘዘወትር ዘድንግል ማርያም</u>

50.ማርያም ድንግል

MAHBERE KIDUSAN

ማርያም ድንግል ንዒ ናባና(2)
መድሓኒት ኢኺ´ሞ ናይ ኑብስና(2)
ናይ ያዕቆብ መሳልል ናይ ጌያዎን ፀምር
ስምኪ ጥዑም እዩ ካብ ፀባ ካብ መዓር
ሕጉሳት ንኸውን ክንዝምር ከለና
ስለ ዝኾንክልና ካብ ሞት መድሓኒትና
ንልምን ኣለና ብፍፁም ትሕትና
ክንበፅሕ ናብ ኣምላኽ ብድንግል ልመና
ብናትኪ ቃል ኪዳን ስለ ዝተኣማመንና
ካብ ናይ ዘለኣለም ሞት ኣምላኽ የድሕነና
ኣማናዊት መቕደስ ናይ ሕይወትና ኪዳን
ምክንያተ ድሕነት ናይ ኑብስን ናይ ስጋን
ሓዱሽ ዝገበርኪ ኣርሒቕኪ ንእርጋን
ንዓለም ዝሃብኪ ናይ ዘለኣለም ብርሃን
ኣክሊል ናይ ሰሎሞን ናይ ዳዊት በገና
በትረ ኣሮን ኢኺ ሃመልማለ ሲና
ምሕረት ለምንልና ክንረክብ ተስፋና
መኣዲ ቅዱሳን ሰማያዊ መና

51.ለምንልና ደኣ ምሕረት

ማርያም ድንግል ርህርህቲ መማለዲት ንደቂ ሰባት
ሓጢኣተኛ ኣይትንዕቕን´ሞ ለምንልና ደኣ ምሕረት
ብደቂ ኣዳም ብኣና ኣይጭከንን ልብኺ
መሐረለይ ደኣ ወደይ ትብሊዮ ንፈጣሪኺ
ትልምንልና ንጎይታ <u>ነቲ ፀባኦት ወድኺ</u>(2)
ምኽንያት ድሕነትና ኢኺ ወላዲተ ኣምላኽ ብሓቂ
ንዝፀወዐ ኣሚኑ ሽምኪ ዝምረፅ ካብ ወርቂ
ኣይትገድፍዮን ፈዊምኪ <u>ኣብ ግዜ መከራ ኣብ ጭንቂ</u>(2)
ኣብ መርዓ ቃና ዘገሊላ ማይ ናብ ወይኒ ዘለወጥኪ
ኣክሊለ ሰማእታት ኢኺ መድኃኔዓለም ዝወለድኪ
ልበይ ካብ ሓጢኣት ኣንሂህኺ <u>ኣለብስዮ ፀጋኺ</u>(2)

52.ጎስፀ

ጎስፀ ልብየ/2/ ቃለ ሰናየ
ወአነ አየድዕ ቅዳሴሀ ለማርያም
አኮ በአብዝሆ አላ በአውሕዶ
አባ ሀርያቆስ ልቡ ተላዓሊ ከመስግነኪ
እንዳተገረመ ማርያም ብንፅህናኺ
አምላኽ ብምሕዳሩ መሊኡ አብልዕሌኺ
ብምንታይ ከመይን ጌርና ክንምስለኪ ድንግል
ሐመረ ኖኅ ማርያም ናይያዕቆብ መሳለል
ዝለምለመት በትሪ አሮን ናይ ሰለሞን አክሊል።
ትንቢተ ነብያት ሞገስ ናይ ሓዋርያት
ሐፍቶም ንመላእኽቲ መመክሒት መነኮሳት
ተስፋ ኃጥኣነ ኢኺ ኣዶ ሰማዕታት
ኦ ምልእተ ጸጋ ተነጊሩ ዘይውዳእ በዝሒ ምስጋናኺ
ካብ ኪሩቤል ካብ ሱራፌል ዝበልፅ ግርማኺ
ንናይ ተዋህዶ ምስጢር አምላኽ ዝሐረየኪ

53. ምስጋና ንማርያም

ምስጋና ንማርያም ካብ ሞት ኣድሒና ብህይወት ዘንበረትና(፪)

MAHIBERE KIDUSAN

ናይ ቅዱሳን ህይወት ኣደ መድሓኒና(፪)
ንዓኺ መሪፁ ከይተፈጥረ ዓለም
ንዓና ንኽድሕን ህያው መድሃኒኣለም
ብኣኺ ኢናሞ ሂወት ዝረኽብና
ምስጋና ይብፃሕኺ ማርያም ኣይና
ካብ ሰማይ ወሪዱ መድሃኒዓለም
ብሓቂ ይመስገን ይኽበር ንዘለኣለም
ንዘምር ኩልና ንጎይታ ፈጣሪ
ክንዲ ዝሃበና ናይ ዘለኣለም ክብሪ
ሓጢኣትና በዚሑ ሸክሙ ኽቢዱና
ኣቃልልናንዶ ርህርህቲ ኣይና
ተግባርና ኽፊኡ መሲልና ንዓለም
ኣድሕንና ድንግል ካብ እሳተ ገሃነም
ፀጋ ዝተመላእኺ ማርያም ቅድስቲ
ካብኩለን ኣንስቲ ንስኺ ሕርይቲ
ንዓና ደቅኺ ሓጢኣት ዝበዝሐና
ካብ ክቡር ወድኺ ምሕረት ለምንልና
መሰረት ህይወትና ምሕረት ናይ ኑብስና
ኣምላክ ብምውላድኪ ካብ ፀልማት ወፂእና
ካብ መከራ ኣውፂኡ ንኽህበና ሰላም
ተወሊዱ ጎይታ ካብ ድንግል ማርያም

54. መራሒት መንግስተ ሰማያት

መራሒት መንግስተ ሰማያት ድንግል ማርያም/2/
ኣድሕንና ንዓና ደቅኺ ካብ ገሃነም/4/

55. ሰላም ንዓኺ

ሰላም ንዓኺ ማርያም ፈጣሪ ንምውላድ ዝበቕኺ/2/
ኣምላኽ ንዓኺ እንተዘይሓደገልና
ከም ሰዶምን ከም ገሞራን ኩልና ምኸና/2/ /2/

56. ርህርህቲ ሕሊና

ኦ ርኅርኅቲ ኅሊና ኣፍቅሮተ ሰብኢ ልማዳ/2/
ለኢለ ጌሰሙ/4/ ትመሰል/3/ እንግዳ/2/
ሰብ ምፍታው እዩ ልማዳ ርህርህቲ ኣይና/2/፣
ኩሉ ጊዜ ትመስል/4/ ትመስል/2/ሓዳሽ እያ ትመስል፣

57. ለምንልና ማርያም

ለምንልና/2/ ማርያም ለምንልና/2/፣
ናይ ንፁሃን ኣክሊል/2/ ናይ ቅዱሳን ብርሃን/2/፣

58. እንተ በምድር

MAHBERE KIDUSAN

እንተ በምድር ሥረዊሃ ወበሰማይ አዕፁቂሃ/2/

ሐረገ ወይን/2/ ድንግል ሐረገ ወይን/2/

ድንግል ማርያም ሱራ ኣብ ምድሪ ጨናፍራ ኣብ ሰማይ/2/

ናይ ወይኒ ሓረግ /2/ዝኾነት ናይ ወይኒ ሓረግ

59.ኣብ ምድራዊ ህይወት

ኣብ ምድራዊ ህይወት/2/ ኣብ ፈተና ቦታ/2/፣

ማርያም ትሓልወና ኣእዳዋ ዘርጊሓ

ድንግል ትሓልወና ኣእዳዋ ዘርጊሓ/2/

60.ማርያም ፊደል

ማርያም ፊደል ናይ ኩሉ መምህሪት/2/፣

ብንፅህና/2/ ዝተፀሓፈት እያ/2/፣

61.መሠረተ ሕይወት

መሠረተ ሕይወት ማርያም ወጥንተ መድኃኒት ዘእምቀዲሙ/2/

ለወልድኪ/2/ አምሳለ ደሙ/2/

ትርጉም፡ካብ ጥንቲ ጀሚርኪ መድሐኒትና ዝኾንኪ

ናይ ሕይወትና መሰረት ማርያም ድንግል

ናይ ወድኺ ናይ ደሙ ምሳሌ ኢኺ፣

62.ኣደይ ማርያም

ኣደይ ማርያም ይልምነኪ ኣለኹ፣

ብብኽያት ትካዘ ቕድመኺ ወደቕኹ

ኣደየ ስምዕኒ ይልምነኪ ኣለኹ/2/

ሓዘነይ ጭንቀተይ ንመን ክዛረቦ፣

ሽግረይ ጉድኣተይ ንመን ክዛትዮ፣

ኣደየ ስምዕኒ ተማሕፀነ ኣለኹ/2/፣

ኸቢዱ ፈተና በዚሑ ሓዘነይ፣

ክመይ ኢለ ክኽእሎ ኣነ ምስ ድኻመይ፣

ኣዶ ኣማኑኤል ቀልጢፍኪ ብፅሕለይ/2/፣

ተሸኒፈ ኣለኹ ክወድቕ ቐሪበ፣

ደግፍኒ ድንግል ኣብ ጎነይ ኩንለይ፣

ብሕተይ እየ እሞ ደጋፊ ዘይብለይ/2/፣

63.ካብ ኣምላኽ ቀሚሉ

ካብ ኣምላኽ ቀሚሉ ምስግናን ስግደትን ሰላምን

ንዓኣ ይግባእ ንድንግል ማርያም(2)

64.ኢያቄምን ሃናን

MAHIBERE KIDUSAN

ኢያቄምን ሃናን ኣቦኺ ኣይኺ፣

ቤተ እግዚኣብሔር ኽይዶም መፅብዓ ሃቡኺ፣

መና ካብ ሰማያት ዝወረደልኪ

ማርያም ኣይና ፍፁም ድንግል ኢኺ፣

ኦ/4/ ኣዶ ክርስቶስ ማርያም ድንግል/2/

65.ንፅሕተ ንፁሓን

ንጽህተ ንጹሐን ከዊና ከመታቦር ዘዶር ዘሲና

ውስተ ቤተ መቅደስ ነበረት በድንግልና ነበረት

ሲሳያ ኅብስተ መና ውስተሀኒ ቤተ ጽሞና/2/

ትርጉም፡ካብ ንፁሃት ንፅህቲ ኽይና ከም ዝነበረት ታቦት፣

ብድንግልና ኣብ ቤተ መቅደስ ውሽጢ ነበረት፣

ምግባ ህብተሰ መና እትሰትዮ እውን ናይ ሰማያዊ መስተ ነበረ፣

66.የወቢ ክብራ

የወቢ ክብራ ለማርያም <u>እምኩሎሙ ቅዱሳን(ፂ)</u> እስመ ድልወ ኮነት ለተወክፎ ቃለ ኣብ
ዘይፈርህዎ መላእክት ወየአኩትዎ ትጉሃን በሰማያት ማርያም ድንግል ጾረቶ በከርሳ(ፂ)

ካብ ኩሎም ቅዱሳን ክብሪ ድንግል ማርያም <u>ኣዝዩ ልዑል እዩ(ፂ)</u> ቃለ ኣብ ንኽትቅበል ብቕዕቲ ብምኺና
መላእኽቲ ዝፈርሕዎ ትጉሃን ኣብ ሰማያት ዘመስግንዎ ማርያም ድንግል ፀይራቶ ኣብ ማህፀና(2)

67.ብምንታይ

ብመን ብምንታይ ምሳሌ ክንምስለኪ/2/፣

ማርያም መማለዲት ርህርህቲ ኣዶ ድንግል ምልዕት ውዳሴ፣

68.ማርያም ናይ ልቢ ሐዘን

ማርያም ናይ ልቢ ሓዘን ተቐልል፣

ናይ ልቢ ሓዘን/4/ ተቐልል/2/፣

69.ተፈታዊት

ተፈታዊት ንፅህቲ ኣይና፣

ሕትምቲ ዓይኒ ማይ ጎደሎ ዘይብልኪ

ዝተዓፅወት መቕደስ ንፅህቲ ዝኾንኪ፣

ሕዝቅኤል ዝረኣየኪ ናይ ምብራቕ በሪ፣

ንኣምላኽ ጥራሕ ዝኾንኪ መሕደሪ፣

መሕደሪት መለኮት ኣማናዊት ታቦት፣

ንንፅህናኺ ምስጋና ነበርክት፣

ክልቲኡ ዝኾኪ ኣዶን ድንግልን፣

መሕደሪት መለኮት ወላዲተ ቃል፣

ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ብሕቱም ድንግልና፣

ኣምላኽ ዝወለድኪ ሃመልማል ናይ ሲና፣

MAHIBERE KIDUSAN

ምብራቕ ናይ ፀሓይ ድንግል ንስኺ፣

ወርሒ ትመስሊ ፀሓይ ዝወለድኪ፣

ብርሃን ወጋሕታ ንዓይኒ ተህርፊ፣

ፅዮን ኣደ ኹሉ ካባይ ኣይትርሓቒ፣

70.ኣይና ፅዮን

ኣይና ፅዮን ይብፃሕኺ ምስጋና፣

መዕቖቢት መዕረፊት ንስኺ ፅላልና፣

ካብ ገነት እንትንወፅእ ተስፋ ዝኾንክና፣

ናይ ምሕረት ደመና ዝናብ ዝሃብክና፣

ናይ ህይወት መኣዲ ድሕነት ዘምግእኽልና፣

ብኣስራት ብሓደራ ንዓኺ ተውሂብና፣

ፅንዓት ናይ ኤልሳቤጥ ኣብ ቈንቂ በዓሒት፣

ከይኾነኪ ዓቐብ ናይ ሓጢኣትና ብዝሓት፣

ብስራትን ታሕንስን ሒዝክልና መዚእኺ፣

ማርያም እንትንብል በዚሕኽልና ቐልጠፊኪ፣

ብዙሕ እዩ ውዕለትኪ ካብ ልቢ ዘይጠፍእ፣

ስምኪ መፅናዕንዒ ንዝበገዘሉ ሓዘን፣

በእንተ ማርያም ኢሉ ዝለመነ፣

ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ መን እዩ ዝሰኣነ፣

ምርኩስና ንስኺ እትድግፍና፣

ነበልባል ናይ ሓዊ እተሳግርና፣

ፅርሃ ሥላሴ ኢኺ መሕደሪት መለኮት፣

ኹሉ ጊዜ ነመስግን እናበልና ቅድስት፣

71.ንዒ ሀቤነ

ንዒ ሀቤነ ኦ ድንግል፣

ምስለ ወልድኪ መድኃኒነ፣

ከመ ትባርኪ ላዕሌነ፣

ንዒ ምስ ኣምላኽ ምስ ወድኺ

ይቕረ ንኽብለና ብልመናኺ፣

ንዒ ድንግል/2/ ምስ ወድኺ ኣማኑኤል፣

ናይ ሃና ኢያቄም ፅብቕቲ ተኽሊ ፣

ናይ ሃዋርያት ስብከት ናይ ሰማእታት ኣኽሊል፣

MAHIBERE KIDUSAN

ንዒ ድንግል/2/ ቀልጢፍኪ ንዒ ድንግል፣

ኣሕዛብ ነገሥታት ይግዙእልኪ፣

ዝነዓቑኺ ኩሎም ይሰግዱልኪ፣

ናይ እግዚኣብሔር ከተማ/2/ ኦ ድንግል ፅዮን ይብሉኺ፣

ኣብ ዓሚቕ ማዕበል ከለና፣

መዛወድያ ሓጢኣት ሒዙና፣

ንዒ ብፅሕልና/2/ ካብ ወድኺ ኣማልድና፣

72.ድንግል መከራኺ

ድንግል መከራኺ ንኡሽተይ ክገዝኮ፣

ብሄሮድስ ዘመን ንፍጥረት ዘሕዘኖ፣

እመ ኣምላኽ ማርያም ኣደ ኹሉ ፍጥረት፣

ከም ምስክነይቲ ተሲእኺ ንስደት ፣

ኣረ ንምኺኑ ከመይ ከኣልክዮ፣

ኣብ ግብፂ በረኻ ዝረኸብኪዮ፣

ከይቐትልዎ ኢልኪ ንውላድኪ ሐሲብኪ፣

ኣብ ግብፂ በረኻ መከራ ረኣኺ፣

መከራኺ መከራ ረኣኺ፣

ርህርህቲ ማርያም ኣብ ጊዜ ልመናይ፣

ንኽትበፅሕለይ ኣብ እዋን መከራይ፣

መከራ ዝረኣየ ፍፁም ኣይጭክንን ፣

ኣይትጨክንለይ ሓደራኺ ማርያም፣

ሓደራኺ ሓደራኺ ማርያም፣

ኣቤት በቲ ጊዜ ዝረኣኸዮ መከራ፣

ዘፍሰስክዮ ንብዓት ዘሕለፍኺዮ ፀውራ፣

ኣዶ ኣማኑኤል ኣንቲ ምስክነይቲ፣

ዕድሜኺ ፈፂምኪ ኮይንኺ ሕዝንቲ፣

ሕዝንቲ ኮይንኺ ሕዝንቲ፣

73.አዘክሪ ማርያም

አዘክሪ ማርያም ስደትክን ጥሜትክን
ሓዘንክን ጭንቅኽን እቲ ኩሉ ድኻምክን
ናብ ገፅ ወድኺ ዝወረደ ንብዓት
አዘክሪ አዴና ምእንተ ደቅኺ
አዘክሪ አዴና ለምንልና ምሕረት
ንፃድቃን ዋግኡም ኣምላኽ እንትኸፍሎም

MAHIBERE KIDUSAN

በደልና ንዝበገዘሐ በልዮ መሐሮም
ናትኪ ቅድስና ሞጎስ ይኹነና
ምርኩስ ህይወት ኾይኑ ካብ ሞት የድሕነና(፪)
ጎደሎ እዩ እምነትና ምግባርና
ምሕረት ንኽንረክብ ድንግል ለምንልና
ፍቱው ወድኺ አምላኽኪ አምላኽና
እሙን እዩ ቃሉ ብኣኺ ክምሕረና (፪)
አብ ቅድሚ ሥላሴ ሞጎስ ዝረክብኪ
ህይወት ዝህብ እዩ እቲ ቃልኪዳንኪ
ዘፍሰስክዮ ንብዓት አብ ጊዜ ስደትኪ
የተዓርቐና ምስ ቅዱስ ወደኺ(፪)

74.ሰአሊለነ

ሰአሊለነ ኃበ ወልድኪ ሔር መድኃኒነ(፪)
ይምሐረነ ወይሰሃለነ ይምሐረነ ይስረይ ኃጢአትነ (፪)
ለምንልና ንሩህሩህ ወድኺ መድሓኒና (፪)
ይሓምረና ይቅረ ይበለና ሓጢአትና ንሱ ይደምስሰልና(፪)

75.ናይ ዓድቃን እመቤት

ናይ ዓድቃን እመቤት ናይ ደናግል ተስፋ፣
ሀገር ንሃገር ዞረት ንኣምላኽ ሐቁፋ፣
ንኣምላኽ ሐቑፋ እንትትከድ በረኻ፣
ከም ናይ ክረምቲ ማይ ይፈስስ ንብዓታ፣
ንብዓታ እንትትፈስስ ከም ማይ ኽረምቲ፣
ኣይረኸበትን ዘመድ ኣጆኺ በሃሊ፣
ኣጆኺ በሃሊ ወዳ ኣምላኽ ከሎ
ኣፋ ብፅምኢ ማይ ነቒፁ ውዒሉ፣
መዓዝ ከቢድዎ ማይ ንዓኣ ምውራድ፣
ሐሲቡ እዩ እምበር ክብሩ ንምውራድ፣
ክብሩ ዘዋረደ ስልጣኑ ሓቢኡ፣
ካብ ገሃነም ሓዊ ንከድሕነና እዩ፣

መዝሙር በእንተ ዕርገታ ለማርያም

76.ዕርገታ ተሰምዓ

ዕርገታ ተሰምዓ ውስተ ሰማያት/2/
ወበዓታ/2/ ውስተ ገነት/4/አሀ
ገነዝዋ ሐዋርያት/2/
ገነዝዋ/2/ በስብሀት/4/አሀ

ትርጉም ናብ ሰማይ ምዕራጋ ናብ ገነት እውን ምእታዋ ተሰመዐ፣
ሐዋርያት ብኽብሪ(ብምስጋና) ገነዝዋ፣

MAHIBERE KIDUSAN

77.ወላዲተ ቃል

ድንግል/2/ ወላዲተ ቃል/2/፣

ዕረፍትኺ ጥሪ ነሓሰ መቓብር -ድንግል፣

ናትኪ ትንሳኤ ንበይኑ እዩ እንትንገር -ድንግል፣

ስጋኺ ኣብ ምድሪ ኣበይ ኣሎ ከም ፍጡር -ድንግል፣

ዓሪጉ ናብ ሰማይ ናብ ክርስቶስ መንበር -ድንግል፣

ስጋኺ ከዕርጉ መላእኽቲ ሰማይ -ድንግል፣

ቶማስ ብደመና ተዕዒኑ እንትመፅእ -ድንግል፣

መግነዝ ተቐቢሉ ንሐዋርያት ከርእይ- ድንግል፣

ትንሳኤኺ ንምርኣይ ብዙሕ ተመንዮም -ድንግል፣

ሐዋርያት ዶይሞም ተገሊፅክሎም -ድንግል፣

ስጋኣ ኣይተረፈን ተቐቢሩ ኣብ ምድሪ -ድንግል፣

ናብ ሰማይ ዓሪጉ ከም ወዳ ብኽብሪ -ድንግል፣

ንምርኣይ እንትህንጠው ናይ ድንግል ትንሳኤ -ድንግል፣

ዕርገታ ፈለጡ ብንፁህ ሱባኤ -ድንግል፣

ንሕና እውን ንፀልይ ንዕዖ ኣፍደገና -ድንግል፣

ካብ ወላዲተ ኣምላኽ ክንረክብ ዋጋና -ድንግል፣

<u>መዝሙር በእንተ መስቀሉ ለእግዚእነ</u>

78.መስቀል ብርሃን

መስቀል ብርሃን ንዅሉ ዓለም መሰረት እዩ ንቤተ ክርስቲያን/2/

ሰላም ወሃቢ እዩ መድኃኒዓለም መስቀል መድሓኒት ንንኣምን ንሕና/2/፣

79.ብወንጌሉ ዝኣመንኩም

ብወንጌሉ ዝኣመንኩሞ /2/፣

እንኳዕ ንብርሃነ መስቀሉ ኣብፅሓኹም/2/፣

80.ዕልኢ ብመስቀሉ ቐተለ

ንፅልኢ ብመስቀሉ ቐተለ/2/

ብመስቀሉ ንሰባት ሰላም ዓደለ/4/፣

81.እሌኒ ንግስቲ

እሌኒ ንግስቲ ረኸበት መስቀሉ፣

ዕንባቆም ነቢይ ዘደንቐ ግብሩ፣

82.ብርሃን ወዒኡ

ብርሃን ወዒኡ ካብ መስቀሉ መንፀባረቒ/2/፣

ናይ ኣምላኽን ወዲ ሰብን ናይ ብሓቂ ዕርቂ፣

MAHIBERE KIDUSAN

ንተሓጎስ ብመስቀሉ ብርሃን፣

ዕልል ንበል ብሓድነት ኩላትና፣

ተሲኡልና ጎይታ መድሓኒና፣

እቲ ፍትው ሐዋርያ ናይ ወንጌል መምህር፣

ኣብ ልቡ ብምሕዳሩ ናይ መስቀሉ ነገር፣

ዮሐንስ ብምርኣዩ ስቐለቱ፣

ሕዙን ኮነ ብምድራዊ ህይወቱ

እናተርኣዮ ሞቱ ግርፋቱ፣

ዕሽነት እዩ ንዝጠፍኡ መሰናኽሊኦም፣

ብዓለም ጥበብ ንዝኣብሩ ሐቂ ጠፊእዎም፣

ንለባም ሰብ ብእምነት ንዝኣብር፣

ምልክት ድሕነት ሓቀኛ ኣርማ እዩ፣

ካብ ገሃነም ሓዊ ዘድሕን እዩ፣

ክሳብ መስቀል ዘይተፈለየ ዓውዲቱ ኣኽባሪ፣

ንዮሐንስ ናይ ወንጌል ሰብ ናይ ፍቕሪ መስካሪ፣

ምስጋናና ይብፀሐዮ ካብ ምድሪ፣

ክንድሕን ኢና ብዝርኣየና ፍቕሪ፣

ንክተሎ ኩላትና ብግብሪ፣

83.ወሪዱ ካብ መስቀሉ

ወሪዱ ካብ መስቀሉ፣

ካብ መስቀሉ ኣብሪሁ ንኹሉ/4/፣

84.ዮሞሰ ለእሊኣየ

ዮምሰ ለእሊአየ/2/

አበርህ በመስቀልየ/2/

ትርጉም፡ሎሚ ናተይ ንዝኾነ ብመስቀለይ ክብርሃሉም እየ፣

መዝሙር በእንተ ቅዱሳን መላእክት

85.ምስ ቅዱስ ሚካኤል

ምስ ቅዱስ ሚካኤል ወገብርኤል አደና ንዒ ማርያም/2/

ንዒ ባርኽና ከምቶም ኣቦታትና/2/ ኣደና ንዒ ማርያም/2/

86.ገብርኤል ሊቀ መላእክት

ገብርኤል ሊቀ መላእክት ትቐውም አብ ቅድሚ ፈጣሪ (፪)

ከይንጋገ ከይንጠፍእ ምርሐና ንኽንረክብ ክብሪ(፪)

አምላኽና ክሳብ ንፈልጥ ንፅናሕ ብፅንዓት

ኢልካ አረጋጊፅኻዮም ንመላእኽቲ ሰማያት

ርድኣና ክንፀንዕ ንሕናውን ብጸሎት

MAHIBERE KIDUSAN

ትእዛዝ ፈጣሪ ክንሕሉ ፀኒዕና ብእምነት።
አናንያ አዛርያ ሚሳኤል ብሽም ፈጣሪኦም
ናብ ሐዊ ምስተደርበዩ ምእንቲ እምነቶም
ነበልባል ማይ ጌርካዮ ኮይንካ አብ ማእኸሎም
ንፈጣሪ አመስገኑ ካብ ሞት ብምድሐኖም።
ናብ ፍሉሕ ማይ ክድርበዩ ምስተፈረደሎም
ቂርቆስ ንኣዲኡ አፅኒው ክልቲኦም ጠንኪሮም
ብእምነት ምስ ኣተው ክንድሕን ኢና ኢሎም
ምንም ከይተጎድኡ ቀለጢፍካ በዓሕኻሎም።

87.ባሕራንኒ

ባሕራንኒ ይቤ ዘንደ ባሕር/2/

ርኢክዎ ለሚካኤል ወሰአንኩ ጠይቆቱ ዘይብል/2/

ትርጉም፡ባሕሪ ኣቋረው ዝኸደ ባህራን ንሚካኤል ርእየዮ ክርድኣኒ ኣይካኣለን ኢሉ።

88.ንቁም በበህላዌነ

ንቁም በበህላዌነ/2/፣

እስከ ንረክቦ ለአምላክነ/2/

ጎይታና እስካብ ንረኽቦ ብልዕልና፣

ብዘለናዮ ንፅናዕ፣

እዚ ኢልካ መላእኽቲ ዘረጋጋዕኻ፣

ቅዱስ ገብርኤል ፅኑዕ ኢኻ፣

ኣፅንዐና ብምግባር ብሃይማኖት፣

ኣውፅአና ካብ ክሕደት፣

ቅዱስ ገብርኤል መፅናዕንዒ ቅጉህ መልኣኽ፣

ንመላእኽቲ ዝመራሕኻ ናብ አምላኽ፣

ሃይማኖትና እንትንሰሕት ደኺምና፣

ባርኸና ቅዱስ ገብርኤል ኣፅንዐና፣

መዝሙር በእንቲ ቅዱሳን

89.ያሬድ አቦ ዜማ

ያሬድ አቦ ዜማ ቅዱስ ኢኻ መራሒ መዘምራን(፪)
ዜማ መላእኽቲ ኣምሂርካና ኣምላኽና ንክነመስግን
ቅዱስ ያሬድ ካህን ጥዑመ ልሳን ኢኻ ጥዑመ ልሳን(፪)

90.ገብረ መንፈስ ቅዱስ

ገብረ መንፈስ ቅዱስ ናይ ዝቋላ ሓርበኛ
አብ ውሽጢ ባሕሪ ሚእቲ ዓመት ዝፀለኻ(፪)
ሰሚዑካ ኣምላኽ ምሒሩልካ ንኢትዮጵያ
ምሒሩልካ ንዓና ደቅኻ(፪)

91.ኣረጋዊ ቅዱስ

ዓድቅ የዋህ ርህሩህ ብእሴ እግዚአብሔር

MAHIBERE KIDUSAN

ኣርጋዊ ቅዱስ ድንግል ገባሬ ተኣምር
ሃፍትን ክብርን ዓለም ብፍፁም ንዒቕካ
ምእንተ ፅድቂ ኢልካ ስደት ዝመረፅካ
ፍቕሪ ኦቦን ኣዶን ኣረጋዊ ንድሕሪት ገዲፍካ
ክሕደት ልዮን ፀሊእኻ ኣረጋዊ ኢትዮጵያ መፃእኻ።
ብሃይማኖት ፅንዓት ፍፁም ዝጠንከረ
ፅድቂ ንኽምስክር ገዳም ዝሓደረ
ብናይ ጎይታ ፍቓድ ኣረጋዊ ስልጣን ተዋሂቡ
ንገበል ኣዚዙ ኣረጋዊ ናብ ዳሞ ደይቡ።
ብዓል ምሉእ ክብሪ ኣምላኹ ፈታዊ
ብዖም ፀሎት ስግደት ዝፀንዐ ባሕታዊ
ካብ ሞት ተሰዊሩ ኣረጋዊ ብምግባር ብእምነት
መራሒ ኮይኑና ኣረጋዊ ንኽንረክብ ምሕረት።
ኣምላኽ ተቐቢሉ እቲ ሙሉእ እምነትካ
ዓለም ንኽተምሕር ቃል ኪዳን ሃበካ
ዘሚካኤል ቅዱስ ኣረጋዊ ንዓና ደቅኻ
ምሕረት ለምነልና ኣረጋዊ ካብቲ ፈጣሪኻ።

92. መሰረተ ዜማ

መሠረተ ዜማ ወጠነ/2/ ያሬድ ካህን/2/

ያሬድ/3/ ያሬድ ካህን ጥዑመ ልሳን/2/

ትርጉም፡ጥዑመ ልሳን ያሬድ ናይ ዜማ መሰረት ጀመረ ።።

93. ጊዮርጊስ ኃያል

ጊዮርጊስ ኃያል/2/ መስተጋድል/2/

ገባሬ ተአምር/2/ ኮኮበ ክብር/4/

ትርጉም፡ጊዮርጊስ ሓያል ብእምነቱ ፀኒዑ ስለዝመስክረ

መስተንክር ሰሪሑ ካብ ኣምላኽ ክብሪ ተቐበለ

94. ገብረ መንፈስ ቅዱስ

ገብረ መንፈስ ቅዱስ ብርሃን ዓለም እዮም/2/፣

ንዘለዓለም የብርህ ስርሑም/2/

95. ዘንተ ሃለየ

ዘንተ ሃለየ ወይቤ ምንተኑ ዘረብሑ አቡየ ወእምየ

ዘኢረከቡ በቁኤተ በሲመተ ዓለም ሐላፊ (፪)

ወይቤ ቅዱስ ማር ጊዮርጊስ አንሰ አጎድግ እምኔየ

ክብረ ዝንቱ ዓለም ዘየሃልፍ ፍጡነ አጥሪ ሊተ መንግሥተ ሰማያት (፪)

96. አባ አቡነ

አባ አቡነ/2/ መምህርነ አባ ተክለሀይማኖት/2/

እምአእላፍ ጎሩይ/2/ አባ/6/ አቡነ ተክለሀይማኖት/2/

ትርጉም፡መምህርና አባ ተክለሃይማኖት ካብ ብዙሐት ዝተመረፅካ ኢኻ፣

MAHIBERE KIDUSAN

97. ጊዮርጊስ በታ ዕለት

ኣብ እዋን ፈተና ጊዮርጊስ ሰማእት፣

ስለ ሃይማኖቱ መስኪሩ ብፅንዓት፣

ንዝኣምኖ ኣምላኽ ኣይፈልጦን ንክብል፣

ብስልጣን ብገንዘብ ንዑኡ ንምትላል፣

ሓሻኽር ድዲያኖስ ነገር እንትፍሕሱ፣

ጊዮርጊስ እንታይ በለ መከራ እንትቕበል፣

ስገድ ምስ በልዎ ሰብ ንዘሰርሖ ምስሊ፣

ትዝ በሎ ጊዮርጊስ ናይ ኣምላኽ ህያው ቃል፣

ምስ ሠለስቱ ደቂቅ ምስ ነብይ ዳንኤል፣

ተኣምር እንትሰርሕ ኣብ ውሽጢ ነበልባል፣

ቂርቆስ ምስ እንኡ ካብ ሓዊ ኣድሒኑ፣

ዘዝሐለ ፍሉሕ ማይ ነበልባል ኣጥፊኡ፣

ዘኪሩ ጊዮርጊስ ነቲ ሓያል ጎይታ፣

መስቀል ምሽካሙ ኣብታ ጎልጎታ፣

ንጴጥሮስ ንጳውሎስ ንኣቦታት መሲሉ፣

ንሞት ኣሸኒፉ ብእምነት ተጋዲሉ ፣

ንኽንፀንዕ ብእምነት እዛ ዓለም ንዒቕና፣

ብጊዮርጊስ ልመና ኣምላኽ ሓልወና፣

98. ፃድቓን ሰማዕታት ብሙሉኣም

ፃድቃን ሰማዕታት ብሙሉኣም፣

ብኣካለ ሥጋ ብኣካለ ነፍስ ብነብሲ ዘለው፣

ንኣምላኽ ለሚኖም ንዓና የድሕኑ፣

ናይ እግዚኣብሔር ኣዕፅንቱ ንፃድቃን ካብ ምርኣይ፣

እዝኡ እውን ኣይርሕቕን ንዓኣቶም ካብ ምስማዕ፣

ናይ ፃድቃን ፀሎት ምሕረት ተውህበና፣

ብፀሎቶም ንእመን ከይተጠራጠርና፣

ጊዚያዊ መከራ እንተየሳቐኞም፣

ነበልባልን ሰይፍን ፍፁም ከየፍርሖም፣

ሰማያዊ ተስፋ ስለዝተርኣዮም፣

ብመከራ ኩሉ ፀንዑ ብእምነቶም፣

እቲ ሓጢኣተኛ ነዊ ኣብ ሲኦል ከይኑ፣

ኣሕዋቱ ከይጠፍኡ ምሕረት እንተለሚኑ፣

MAHBERE KIDUSAN

ንስኻትኩም ፃድቃን ኣብ ገነት ዘለኹም፣

ክንደይ ትረድኡና እንትንፅውዓኩም፣

ሕፍኒ ማይ ዘስተየ ብፃድቕ ሰብ ስም፣

ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዋጋ ኣይሰእንን፣

ኢሉ ከምዘምሃረ ጎይታ ብወንጌሉ፣

ኣሚና ንፈፅም ዋጋ ክንረኽበሉ፣

99. ኦ ፍጡነ ረድኤት

ኦ ፍጡነ ረድኤት/2/፣

ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ቅዱስ ሰማዕት፣

ሰላምታ ንዓኻ -------- ፍጡነ ረድኤት፣

ናይ ልዳ ፀሓይ ------ ፍጡነ ረድኤት፣

ኣብ ቕድሚ ድዲያኖስ ቐሪብካ ንፍርዲ ፣

እሙን ኣገልጋሊ ------ ፍጡነ ረድኤት፣

ስቓይ ዘይረትዓካ ------ ፍጡነ ረድኤት፣

ኣኽሊል ረኽብካ መከራ ሓሊፍካ፣

ብእምነቱ ፅኑዕ ------- ፍጡነ ረድኤት፣

እሙን ምስክር ------ ፍጡነ ረድኤት፣

ዝተውሃቦ ክብሪ ክንደይ ኢልካ ክንገር፣

እንተሳቐዩኻ ------- ፍጡነ ረድኤት፣

ስለዝተዓገስካ ----- ፍጡነ ረድኤት፣

ክዝንተው ይኑብር ንዘልዓለም ስምካ፣

ናይ ፈጣሪኡ ስም ----- ፍጡነ ረድኤት፣

ስለ ዝመስከረ ------- ፍጡነ ረድኤት፣

ጊዮርጊስ ሰማዕት ብሰይፊ ተመተረ፣

ናይ ስቓይ መሳርሒ ------- ፍጡነ ረድኤት፣

ዘየፈራርሐካ------ ፍጡነ ረድኤት፣

መንፈሳዊ ሓርበኛ ቅዱስ ጊዮርጊስ፣

ንዝሰምዖ የገርም ------ ፍጡነ ረድኤት፣

ናትካ ሰማዕትነት ------- ፍጡነ ረድኤት፣

ኣብነት ይኸውን ንኩሎም ፍጥረት፣

ገድልኻ ይዛረብ ----- ፍጡነ ረድኤት፣

ክብሪ ከም ዘለካ ------ ፍጡነ ረድኤት፣

ጊዜ ዘይስዕሮ ምግባር ሃይማኖትካ፣

100. ፅድቅኻ ተዛረብኩ

MAHIBERE KIDUSAN

ዜናኩ ጽድቀከ ወነገርኩ አድኅኖተከ

ከሠትኩ ቃላቲከ ለህዝብከ ኢትዮጵያ/2/

በጸጋሁ ለመንፈስ ቅዱስ ወመሀርክዎሙ አነ ይቤ ያሬድ ካህን/2/

ፅድቅኺ ተዛረብኩ ድሕነትካ እውን መስክርኩ፣

ቃላትካ ገለፅኩ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ፣

ብፀግኡ ንመንፈስ ቅዱስ መሃርክዎም ኣነ በለ ያሬድ ካህን/2/

101. ብዖም ብፀሎት

ሃሌ ሃሌ ሉያ በዖም ወበጸሎት

ተመጠወ ሙሴ ኦሪት ዓስሮን ቃላተ

ተመጠወ ሙሴ ጽላተ ዓስሮን ቃላተ

ሃሌ ሃሌ ሉያ ብዖምን ብፀሎትን/2/፣

ተቐበለ ሙሴ ኦሪት ዓሰርተ ቃላት፣

ተቐበለ ሙሴ ፅላት ዓሰርተ ቃላት፣

መዝሙር በእንተ ዓውደ ዓመት

102. ዓውደ ዓመት ለባርኮ

ዓውደ ዓመት ለባርኮ ባርኮ ዓውደ ዓመት/2/

ንዒ ማርያም በምሕረት ወሣህል/2/

ዓውደ ዓመት ንምብራኽ/2/ ዓውደ ዓመት፣

ንዒ ማርያም ንምሕረት ይቅርታ/2/ እህ፣

103. ይዕቆረና

ያብጽሐነ አመ ከመ ዮም/2/

አመ ከመ ዮም/2/ ያብጽሐነ/2/

ንዓመታ ይዕቆረና ጎይታ/2/፣

ከምዚ ንዓመታ ይዕቆረና ጎይታ፣

መዝሙር በእንተ ጾም

104. ንጹም ጾመ

ንፁም ዖመ ወናፍቅር ቢጸነ/2/

ወንትፋቀር/4/ ንትፋቀር በበይናቲነ/2/

ንፁም ዖም ኣሕዋትና እውን ንፍቶ/2/፣

ኩልና ንፋቐር/4/ ሰላም ንግበር ኩልና ንፋቐር፣

105. ፍቅርን ሰላምን

MAHIBERE KIDUSAN

ኣምላኽ ተፈተነ ብፈታዊ ኽፍኣት፣

ዶም እንትምስርት ምእንታና ህይወት/2/፣

ፍቕርን ሰላምን ተፍሪ እያ ዶም፣

ፍዳመ ዘይብሉ እስካዕ ዘለዓለም/2/፣

ናይ ዶም ፍረ ኩላትና ፈሊጥና፣

ተጊህና ንሓዞ ፍረኣ ኣይሕለፈና/2/፣

106. ንፁም ንፀልይ

ንፁም <u>ንፀልይ</u>/2/ ኩላትና/2/፣

ድሕነት ንኽረክብ ካብ መድሐኒትና/2/ ንፁም ኩላትና፣

ወድሰብ ከይትኾን ናይ መንፈስ ድኻ፣

ሂቡካ እዩ እሞ ዕድመ ንንስሃ፣

ኣርብዓ ለይትን ቐትርን ክርስቶስ ዝዖመ፣

ሓጢኣት ከይሃለዎ ምእንቲ ሰብ ደኸመ፣

ምግቢ ንሥጋ እምበር ንኑብሲ ኣይኮነን፣

ብእንጀራ ጥራሕ ሰብ ኣይነብርን፣

እትትዖም እንትትፅልይ ፍቅሪ ይሃልኻ፣

ዝደኸምካ ኣይትምሰል ኣይተሕምቕ ገፅካ፣

መከራን ሽግርን እንተበዝሐካ፣

ንሰይጣን ሰዓሮ ኣምላኽ ተማሕፂንካ፣

ገዳመ ቆሮንቶስ ናይ ዶም መሰረት፣

ዝናኺ ተነገረ ኣብ ዓለም ብስፋሕት፣

<u>መዝሙር በእንቲ ንስሐ</u>

107. ራህረህለይ ጎይታ

ክሳዕ መዓዝ ሕማኽ ክጥሕስ
ራህርህለይ ጎይታ ልቦናይ ክምለስ (2)
ብምሕረትካ እተዘይገዲፍካለይ
ነጊርካ ዘይውዳእ ብዙሕ እዩ በደለይ
ኣይተኣዘዘዝኩኽን እምኒ ኾይኑ ልበይ
ፀጋኽ ሃበኒ ክእዘዝስ ኣቦይ(2)
ህያው ቃልካ መጊብካ መኺርካኒ
ቅኑዕ መንገድኽ ፈዚምካ ኣርኢኽኒ
ግን ኣይተለወጥኩን ምግባር ጎዲሉኒ
ታሪኽይ ክቕየር ሓይልኻ ሃበኒ (2)
ኣይክኣልኩን ክሕሉ ሕማኽ
ስንፍናይ በዚሑ ርሒቐ ካባኽ
ንንስሃ ኣብቀዐኒ ብፍፁም ፍቅርኽ
ሂወተይ ቀድሳ ብቅድስናኽ (2)

MAHBERE KIDUSAN

ድኻመይ ርኢኻ እንተይኣርሓቕካኒ
ሓቑፍካ ደጊፍካ ይቕረታ ሂብካኒ
ተስፋ ንኸይቑርፅ ርህራሄኻ ኣለኒ
በዝሒ'ቲ ምሕረትካ ፍፁም ደኒቕኒ (2)

108. ልመናና ስማዕ

እግዚኣብሔር ምሕረትካ ዓድለና/2/
ንዓና ደቅኻ ይቕሬታ ሃበና/2/
ልመናና ስማዕ ...ፈጣሪና
በዲልናካ ኢና እሞ ...ሓላዊና
ጎይታ ኽቡር ቅዱስ ምሕረትካ ሃበና
ሰላምካን ፍቕርኻን ኣይፈለየና
ካብ ርጉም ፀላኢ ...ኣምላኽ ሓልወና /2/
በቲ ረቂቕ ሓይሉ ሰይጣን ከይስዕረና /2/
ድንግል ማርያም ምሕረት ለምንልና /2/
ፍቕሪ ንኽህበና እግዚኣብሔር ኣምላኽና /2/
ኣብ ቅዱስ እምነትና ኣፅንዐና /2/
ምእንቲ ክንወርስ ተስፋ መንግስትኻ

109. ወዲቕ ከይቕሪ

ወዲቕ ከይቀሪ ተዋሒጠ ኣብ ዓለም
ጎይታይ ኣድሕነኒ ስለ ድንግል ማርያም(2)
ሓይልኻ ሃበኒ ርኢኻ ናተይ ድኻም(3)

ካብ ፅባቕ ዓለም ዝሓልፍ ዝፈርስ
ኣብ ቤትካ ክነብር ይሕሸኒ ኣነስ(2)
ንኸይርሕቕኒ ፀጋ መንፈስ ቅዱስ(3)
ብስጋይ ደኺመ ወዲቕ ከይቀሪ
ኦ ጎይታይ ሃበኒ ናይ ኣይኻ ፍቕሪ
ናይታ ድንግል ፍቕሪ
ንዓኣ እንተሒዘስ ኣይስእንን 'የ ክብሪ(3)
ኣብ ምምላእኻ እዋን ኣብ ግዜ ፍርድኻ
ምእንታን ክቕውም ምስቶም ኣባጊዕኻ
ምስቶም ቅዱሳንካ
ጎይታይ ፍቕደለይ ክኾን ብየማንካ(3)

110. ሃበና እግዚኣብሔር

ዘይውዳእ ሃፍትኻ በረከት ናይ ኢድካ(2)
ሃበና እግዚኣብሔር ንዑ ናባይ ኢልካ(2)
የብልናን ኣብ ኢድና ቀለብ ናይ ነብስና
ብሓጢኣት ዓለም ዝረኸሰና ኢና
ኣብ መወዳእታ ኣብ ዳግም ምፅኣትካ
መን ኮን ይኾን ጎይታ ዝቕውም ቅድሜኻ።(2)
ብቕትሪ ብምሸት ፀልሚቱ ናብራና
ብስጋዊ ፍቓድ ፍፁም ተታሒዝና
ከይንወድቕ ከም ዴማስ ብብርቕርቕ ዓለም
ሓይልኻ ሃበና ሎሚ መድኃኔዓለም።(2)
ንስሃ ንምእታው ክንሓስብ ከለና

MAHBERE KIDUSAN

ልብና ሰዊሩ ሰይጣን እናስሐተና
ፍቕርኻ ከይንርኢ እናኽልከለና
ኣይከኣልናን ኣምላኽ ፀጋኻ ሃበና።(2)
ከይንፈልጥ ሓቂ መንገዲ ናይ ሕይወት
ሓጢኣት ኣድኪሙና ኮይኑና ዓቐበት
ሓይልኻ ሃበና ምርኩዝ ክኾነና
ብናትካ ረድኤት ክንፀንዕ ኩልና።(2)

111. ኣነ መን እየ

ኣነ መን እየ ኢልና ርእስና ንመርምር
ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ሓጢኣትና ንዘክር
ናይ ኣምላኽ ትእዛዝ ብኣና ተጣሒሱ
ብዝሙት ብሓሜት ኣካልና ረኺሱ
ናይ ሥጋ ጥቅሚ ሪኡ ልብና ፀኒው
ሞት ክሳዕ ዝወስደና ንምንታይ ዘንጊው
ንንስሃ ዝኾን ካብ ሃበና ዕድመ
ንመለስ ናብ ኣምላኽ ብርሃን ከይፀልመተ
ኣሞፅ ኣብ ትንቢቱ ከምእተተንበዮ
ነፍስና ከይትጠሚ ቃሉ ንስማዓዮ
ናይ ፃድቃን ሰማእታት ናይ ድንግል ፀሎታ
ኣይፈለፈየና ኣብ ቕድሚ ልዑል ጎይታ

112. ኣይገድፈንን ጎይታ

ይፈትወኒ እዩ ጎይታ ኣይገድፈንን፣/2/
ደጊመ እንትብድል ተመለስ ይብለኒ፣
ደጊመ እንትብድል ተመለሲ ይብለኒ፣
ብበደል መንገዲ ብሓጢኣት ጫካ፣
እንተጠፋእኹ እውን ኣይገድፈንን ለካ፣
ሎሚ እውን ውላደይ ኢሉ ይፅውዐኒ፣
ኣይፀልኣንን ጎይታ ለካስ ይፈትወኒ፣
ንስልጣን ንክብሪ ኢለ እትኽሕዶ፣
ንገንዘብ ሃሪፉ ርሒቐ እንትኸዶ
ዝሃበኒ ፍቕሪ ኣይቐነሰለይን፣
ይፈትወኒ እዩ ለካስ ኣይፀልኣንን፣
ነዚ ኹሉ ፍቕሩ ንዘይብሉ ወሰን፣
ካብ ፅኑዕ ባርነት ንወድ ሰብ ዘድሕን፣
ፍፁም ዝመርሐኒ ብህይወተይ ኹሉ፣
ክብሪ ምስ ምስጋና ንዕኡ የቐርበሉ፣

113. ኦ ፈጣሪና

ኦ ፈጣሪና መድሓኒትና ኣምላኽና ኣቦና፣
ኣባኻ እዩ ንዘለዓለም ተስፋና፣

MAHIBERE KIDUSAN

መዓልቲ ምስ ለይቲ እተፈራርቅ፣

ኣምላኽ ናትካ ጥራሕ ስራሕኻ ዘደንቕ፣

መዓትካ ርሑቕ እዩ ዝበዝሐ ምሕረትኻ፣

ንኩሉ ትገዝእ ብረቂቕ ስልጣንካ፣

ብሰንኪ በደልና ብሰንኪ ጥፍኣትና፣

እዚ ኹሉ መከራ በፅሐካ ምእንታና፣

ሰይጣን ብተንኮሉ ከይፀምደና

ብሕይወት መንገዲ ናባኻ ምርሐና፣

ናይ ዘለዓለም ኣምላኽ ናይ ፍቕሪ ናይ ሰላም፣

ንይታና ተመስገን ክሳብ ዘለዓለም፣

114. ንድኹም ውላድኻ

ንድኹም ውላድኻ ከይነዓቕካ ፀዊዕካኒ ኢኻ/2/፣

እግዚኣብሔር ምስጋና ይብዓሕኻ/2/፣

ዓመፀኛ ነይረ ዝሸፈትኩ ካባኻ ተፈልየ፣

ሎሚ ተመሊሰ ብንሰሓ ንቓልካ ሰሚዐ፣

በይነይ እየ ዝብል ነበረ ሓሳበይ፣

ለካ ኣለኻ ኩል ግዜ ኣብ ጎንይ፣

ናይ በደለይ ብዝሐት እናረኣኻ ዘይተፀየፍካኒ፣

ብበዝሑ ምሕረትካ ካብ ሓጢኣተይ ፈዊምካ ኣውፂእኻኒ፣

ተኽቲልካ መሊስካኒ ናባኻ፣

ኣንበርካኒ ብፍቕሪ ኣብ ገዛኻ፣

ሐጢኣት ተሸኪመ ብመከራ ነበርኩ ብጭንቂ፣

ዘካሪ ስኢነ ተጠቕሊለ ብሓጢኣት ጨርቂ

ኣተሲእኻ ፀጋኻ ሃብካኒ፣

ውላደይ ኢልካ ንኽብረ ኣብቃዕኻኒ፣

ናይ ምሕረት ኣንጂራ ንህይወተይ ባሪኽካ ሂብካኒ፣

ዓይነይ ተገሊፁ መንገድኻ በሪሁ ተራእዩኒ፣

ነዊሕ እዩ ፈተንኡ ብዙሕ፣

እግዚኣብሔር ርድኣኒ ክፀንዕ፣

115. ኣብ መንግስትኻ ሕሰበኒ

ኣብ መንግስትኻ ሕሰበኒ/2/፣

ብጥፍኣተይ ብዝሓት/2/ ርኢኻ ኣይትቅፀፀኒ/2/

ብዙሕ እዩ በደለይ እንትሓስቦ፣

MAHBERE KIDUSAN

ባዶ ህይወት ፀልማት ዝኸበቦ፣

ከብደይ ፈሪሑ ይነብዕ አለኩ /2/፣

ዕርቃነይ ተረፍኩ ርሒቑኒ ክብረይ፣

መሕብኢ ሰኣንኩ ተጨነቐት ነብሰይ፣

ናይ ብርሃነይ ፋና ካብ ዓይነይ ተገፈፈ፣

ቕድሜኻ ንምቋም ኣብራኽይ ተዓፀፈ፣

ኣይከኣልኩን ደግፈኒ ክቐም/2/፣

ንገነት ዘብቃዕኻ ነቲ ዓመፀኛ ሽፍታ፣

ደግፈኒ ንዓይ ኣብታ ዕለት ንሳ፣

116. ንስሐ ንእተው

ንስሐ ንእተው ሐጢኣት ምስራሕ ይቕረ/2/፣

ናይ ኣምላኽ ሰዓብቲ ንኹን ብግብርና/2/፣

117. ንዑ ንቕረብ

ንዑ ንቕረብ ግውዓት ከይመፀ/2/፣

ንብላዕ ስጋ ኣምላክ/3/ ደሙ እውን ንስተ፣

በጊዕ ቐራንዮ ናይ ኣምላኽ ስግኡ፣

ተሰዊኡልና እዩ ንክንምገቦ፣

ርስሓት ሐጢኣትና ብንስሃ ኣንሂሀና፣

ኣሚንና ንቀበል ዉሉድ ብምኺና፣

ምቕራብ ናብ ኣምላክ ዝግባእ ብእውነት፣

ኣብ እርጋን ኣይኮነን እዩ ብንእስነት፣

ወርሕን ፀሐይን ደም ዝተኸድኑ ፣

ከዋኽብቲ ሰማይ ዝረገፉሉ፣

እንሆ ቐረበ ስጋ መለኮት፣

ቅድስቲ ኣይና ቤተ ክርስቲያን፣

ትእንግደና ኣላ ስግኡን ደሙን፣

ስጋ ኣማኑኤል እኂህ ተሰርዐ

ዕድመ ተዓደመ ህዝቢ ተፀውዐ፣

ደወል ተደዊሉ ንቅረብ ብዕልልታ፣

ደሐር ኣይጠቕመናን ንብዓት ምስ ዋይዋይታ፣

እዛ ዕድል እዚኣ ንጠቕመላ፣

ዓለም ኣይኮነትን ብዙሕ እንፀንሐላ፣

ሐዚ ቕረቡ ደወል ተደዊሉ፣

ናይ ይሕለፍ ደብዳቤ ስንቂ ኣዳልው፣

MAHIBERE KIDUSAN

ኣይትመክሑ ጠፋኢት እያ ዓለም፣

ኢሉ እዩ ኣምላኽና ኣነ እየ ተስፋኹም፣

118. ኣድሕነነ

አድኅነነ እግዚኦ አድኅነነ አምላክነ/2/

ዘአድኃንካ ለነነዊ ሃገር በትንብልና ትንብልና ሣሕልከ/2/

ኣድሕነና እግዚኦ ኣድሕነና ኣምላኽና/2/፣

ዘድሓንካያ ንነነዊ ሀገር ብምሕረትካ ብዘደንቕ ምሕረትካ፣

119. ብበደለይ ብዝሐት

ብበደለይ ብዝሐት ተኸይኑ ቕዕዓተይ፣

ኣይወዳእን እዩ በዝሒ እቲ ጥፍኣተይ፣

እንድዒ ፈራሕኹ እይ ሰብነተይ፣

ንጉሆን ምሸትን ክምለስ እናበልኩ፣

ሰጋእ መጋእ ክብል ዘመነይ ወዳእኹ፣

እንታይ ክብል ይኾን ክፅዋዕ ከለኹ፣

ሞት ኢዱ ዘርጊሑ ኣፅሊሉ ኣብ ልዕለይ ፣

ካብ ስጋይ ተፈልያ እንትትኸይድ ነብሰይ ፣

መዕረፊ ቦታኣ ኣበይ ይኾን ኣበይ፣

መሐሪ ኢኻ እሞ ንዝበደሉኻ፣

ኦ ጎይታ መዓረይ ንዓይ ንባርያኻ፣

ይቕረ እንዶበለኒ ክርእዮ ንገፅኻ፣

120. ይሐልፍ ኣሎ ዘመነይ

ይሐልፍ ኣሎ ዘበነይ ከይፈፀምኩ ትእዛዝ ናይ ጎይታይ/2/፣

ምስ ፀዋኒ እንታይ እየ ክብል ናዓ/ንዒ ኢሉ ናባይ/2/፣

ብንእስነተይ ከይሰራሕኩ ሓሊፉኒ ብዙሕ እዝመራ/2/፣

ኦ ጎይታይ ካብ ሐዚ ህይወተይ ምሳኻ ክንብራ/2/፣

ንፁህ ልቢ ሃበኒ ጎይታይ ዝሓስበሉ በብዕለቱ/2/፣

ካብ ትእዛዝካ ወፃኢ ኮይነ ከይተርፍ ብኽንቱ/2/፣

ከከም ስርሑ ንምኽፋል ብግርማ መንግስቱ እንትመፅእ/2/፣

መን ይኾን ፈተና ሓሊፉ ብየማን ዝቐውም/2/፣

ከየስሕቱኹም ተጠንቀቑ እናተምሃርኩም ‘ቲ ቅዱስ ቃሉ/2/፣

ክመፅኡ እዮም ብስሙ ኣምላኽ ኢና ዝብሉ/2/፣

ትዕግስቲ ብምሓዝ ኩላትኩም ክሳዕ መወዳእታ ጠንክሩ/2/፣

MAHIBERE KIDUSAN

በቲ ጊዜ ክኸውን እዩ ናይ ምድሓን ተግባሩ/2/፣

121. ኣዋጅ ነጋሪ ቃል

ኣዋጅ ነጋሪ ቓል ዓው ኢሉ መስከረ

መንገዲ እግዚኣብሔር ኣቕንዑ እናበለ፣

ምስክርነቱ ካብ ኣረደአና

ቅኑዕ መንገዲ ይኹን ንነይታ ልብና፣

መመክሒት ደናግል ናይ ነቢያት ገዳም፣

ነዚ በዓል ባርኽልና ድንግል ማርያም፣

እቲ ጎቦ ይትሓት ዝጎበጠ ይቕናዕ፣

ይተዓረ ኹሉ ዝጎደለ ይምላእ

መንገዲ እግዚኣብሔር ንከተል ኩላትና፣

መዕረፊ ክኾነና ንመግኢ ህይወትና፣

ካብ ልብና ይጥፋእ ክፍኣትን ተንኪልን፣

ይብዘሐልና ኣባና ፅድቅን ርህራሀን፣

ህይወት ንኽንረክብ ኣምላኽ ተማሕጊንና

ስጋኻን ደምካን ብኽብሪ ረኺብና፣

ብዙሕ ክዳን ዘለዎ ካብ ምእካብ ንብረት

ንዘይብሉ ይሃብ ንኽረክብ ህይወት

ካብ በደልና ኣንፅህና ንይታ ሓደራኻ

ብኽፋእ ከይንጠፍእ ንሕና ባሮትካ

122. ብከሀሊነቱ

ብከኣሊነቱ ብኣምላኽነቱ/2/

ይቕረ ይብለና ይድግፈና/2/ ብምሕረቱ፣

እንታይ ይኽፈሎ እንታይ ይኾን ዋግኡ፣

ንኣምላክ ምሕረት ልዑል ዝባህሪኡ፣

ናይ ድሕነት መንገዲ ንስሃ ዝሰርዐ፣

ንኽይንጠፍእ እዩ ዳግም ብመከራ፣

ይቕረ ይብለና----------፣

እስካብ ዝምለስ ወዲ ሰብ ካብ ሓጢኣት፣

ኣይሃፅፅን ንሱ ንምውራድ መዓት፣

ብዙሕ ዝትዕግስቱ ረቂቕ ዝስርሑ፣

MAHIBERE KIDUSAN

ሂቡ ዘይውድኡ ርህራህ ገንዘቡ፣

ይቕረ ይብለና----------

መዝሙር በእንተ ቤተ-ክርስቲያን

123. ደወልኪ

ደወልኪ ካብ ርሑቕ ሰሚዕና
ናባኺ መፂእና ክንቕርብ ምስጋና
ቤተክርስቲያን መረበትና።
ማዓዛኺ ጥዑም ካብ ልቢ ዘይጠፍእ
ማህሌትኪ ንነፍሲ ብሐጎስ ዝመልእ
ኩሉሻዕ ዝናፈቕ ፈዊሙ ዘይርሳዕ።
ወድ ሰብ ኩሉ ክኾን ክርስቲያን
ናባኺ ይመፅእ አብ አርባዓን አብ ሰማንያን
ብጥምቀተ ክርስቶስ እኖ ትኾንዮም ንአማንያን ።
ብደሙ ዝመስረተኪ ኣዒንቱ ዘይፍለያኪ
መፅለሊት ምእመናን ዘይውዳእ ምስጢርኪ
ህይወት ረኺብና ብስጋወደሙ ካብ መአደኺ።

124. ሰላም ንብላ ንቤተክርስቲያን

ሰላም ሰላም ንብላ ንቤተክርስቲያን (2)
ኣካል ናይ ክርስቶስ ሕብረት ናይ ቅዱሳን(2)
ናይ ድንግል ማርያም ፍቕሪ ምስ በረከት(2)
ይብዘሐላ ንዓለም ክኸውን መድሓኒት(2)
ናይ መስቀሉ ኪዳን እዩ መድሓኒና(2)
ብደሙ ኢና´ሞ ህይወት ዝረኸብና(2)
ናይ ቅዱሳን ፀሎት ናይ ፃድቃን በረከት(2)
ይሕደር ምስ ኩልና ናይ መላእኽቲ ረድኤት(2)
ብፍቕሪ ክንሃብር ብፍፁም ትሕትና(2)
ጥበብካ ሃበና እግዚኣብሄር አምላኽና(2)
ፀጋ መንፈስ ቅዱስ ይሕደር ምስ ኩልና(2)
ይፅናዕ ሃሌሉያ ዘለኣለም ኣባና(2)

125. በዓቲ ቅዱሳን

ልቢ ዝምስጥ መዓዛ ዕጣና፣

ሕሊና ይገዝእ ዝማሬ ድንኳ፣

በዓቲ ቅዱሳን ናይ ፀሎት ቦታኦም፣

ቤተ ክርስቲያን እያ መፀግዒቶም

ናይ መላእኽቲ ዜማ ናይ ያሬድ ዝማሬ፣

ዝሕፈሰላ ናይ ፅድቂ ፍረ፣

ይዝምሩላ ብሓደ ሓቢሮም፣

ናይ ሌዋዊ በትሪ ፀናፅል ኸበሮ፣

ቐዲሞም ዝነዓቐ ነዛ ፈታኒት ዓለም፣

MAHIBERE KIDUSAN

ሓርበኛታት እምነት ረኸቡ ተስፋኦም፣

ናይ ገድሎም ተዓምር መብርሂ መቕረዝ፣

ናይ ሰማዕታት ኣኽሊል ናይ ስርሐም ደሞዝ፣

መውደቕየይ ይኹን ኣብ መቓብራቶም፣

መድሓኒት እዩ እሞ ተረፈ ዓፅማቶም፣

ካብ ሐጢኣት ዓለም ሎሚ እዩ ምውፅኣይ፣

በዓቲ ቕዱሳን ክትኮነኒ ዓደይ፣

126. እምርጉቅሰ

እምርጉቅሰ ርእይዋ ወተአምጎዋ ወአእመሩ ከመ ሃገሮሙ ይእቲ/2/

ገነት ይእቲ ነቅዓ ገነት አዘቅተ ማየ ሕይወት ማኅደር ለንጹሐን/2/

ኣብ ርሑቕ ኮይኖም ራኣይዋ ተሳለምዋ፣

ሃገሮም እውን ከም ዝኾነት ፈለጡ/2/፣

ገነት እያ ዓይኒ ማይ ገነት፣

ናይ ሕይወት ፍልፍል ናይ ንፁሃን መሕደሪት/2/፣

127. ቤተ ክርስቲያን ሓንቲ

ቤተክርስቲያን ኣሐቲ ኣንቀጸ ኣድኅኖ <u>ይእቲ</u>/2/ ደብረ ምሕረት/2/

<u>ትግሁ ባቲ</u>/2/ ሕዝበ ክርስቲያን ኹሀ ኣንበለ ኣጽርዖ/2/

ቤተክርስቲያን ሓንቲ ኣፍደገ ድሕነት እያ <u>ሕርይቲ/2/</u> ደብረ ምሕረት፣

<u>ብኣኣ ትግሁ/2/</u> ህዝበ ክርስቲያን እሀ ብዘይምቁራፅ ፣

128. ባርክ ለዝ ጉባኤ

ባርክ ለዝ ጉባኤ/2/

ንጉሠ ስብሐት/2/ ባርክ ለዝ ጉባኤ

129. ነዚ ጉባኤ

ነዚ ጉባኤና ባርኮ ጎይታና፣

ሰላም ሃበና ፍቕሪ ሃበና ሎሚ ንኹላታና/2/፣

ሰላመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣

ይሕደረና ናይ መስቀሉ ናይ ማርያም ፍቕሪ/2/፣

ናባኻ እንትንፅሊ ብሕብረት ኾይንና፣

ለኣኽልና መንፈስ ቅዱስ ኦ ጎይታና /2/፣

130. ኢኮነ ነግደ

ኢኮነ ነግደ ወፈላሴ ሀገሪቶሙ/2/

MAHIBERE KIDUSAN

ሀገሪቶሙ ለቅዱሳን ኢትዮጵያ/4/

ትርጉም፡ኣጋይሽን ስደተኛታትን ኣይኮናን፣

ኢትዮጵያ ናይ ቅዱሳን ሃገር እያ።

MAHIBERE KIDUSAN